
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.202 | ዓርቢ 24 ሚያዝያ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ትሕቲ ጸቕጢ ደም ምስ ዋሕዲ ደም ምትእስሳር ኣለዎ ዶ፧




ገጽ 3
ምንዋሕ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ፡ ንጉዳይ ኢራን...



ገጽ 4
ረፈረንደም ኤርትራን ጥምዘዛ ታሪኽ ልሂቃን ኢትዮጵያን



ገጽ 5
ወራር ቀይሕ ኮኾብን...



ገጽ 11
ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም...




# ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ዘትዩ

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ብ16 ሚያዝያ ምስ መሓውራት ምምሕዳር፡ ኣካላት መንግስትን ወከልቲ ሓረስቶትን ንኡስ ዞባ ፎርቶሳዋ ብምርኻብ፡ ኣብ ምምሕዳራዊ ጉዳያትን ትግባረ መደባት ልምዓትን ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ኣብ መደባት ልምዓት፡ ሕርሻዊ ቅድመ-ምድላዋት፡ ከምኡ'ውን ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ክኽተሎ ዝግብኦ ኣገባብ ኣሰራርሓ ኣመልኪቱ ዝርዝራዊ መብርሂን መምርሒ ስራሕን ሂቡ።

ኣምባሳደር ማሕሙድ ኣሰዊቡ፡ ምጥርናፍ ዓድታት ብዘተኣሳሰረ ኣገባብ ክድፋእ፡ ግብሪ መንግስቲ ብግቡእ ክእከብን ንቕሓት ክፈልጥ፡ ግብሪ ዘዕብዩ መደባት ብሰፊሑ ክትግበሩን፡ ነቕልን ምድልዳል ናይ ሕርሻ መሬትን ዘጠቓልል ሕርሻዊ ቅድመ-ምድላዋት ክስላሰል፡ ኣብ ምሕደራ ማይ ዝርኣ ሽለልትነት ክውገድን ዕቱብ ቁጽጽር ክግበረሉን፡ ኣብ ተጠቃምነት ክረምታውን ማሳኖኣውን ሕርሻ ኣፍራይነት ዘተባብዕ



ምሕደራ ከተኣታቶ፡ ከምኡ'ውን ብርሰት ኣግራብ ንምክልኻል ልዑል ቁልሕታ ተዋሂቡ ክሰርሕ ኣተሓሳሰበ።



ምስ መዓላ መሬት ሕርሻ መዝገብን ንግዳዊ ትካላትን ተተሓሒዞም ዝለዓሉ ሕቶታት፡ ኣብ ብቑዕ ሰነዳት ዝተመርኰሱን ንኣዋጃትን መምርሒታትን መዓላ መሬት ኣብ ግምት ዘእተወን ምላሽ ክወሃብ ዘተሓሳሰበ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣባጀርቲ ዓድን ኣካላት መንግስትን ዘይሕጋዊ መዓላ መሬት ኣብ ምግታእ ኣጃጥም ከበርክቱ ጸዊዑ።

ግዜያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎርቶሳዋ ኣቶ ኣረጋይ ሙብራህቱ ብወገኑ፡ ብደረጃ ዞባ ዝወጹ ልምዓታውን ምምሕዳራውን መደባት ንምዕዋት፡ ምስ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣባጀርቲ ዓድን ኣካላት መንግስትን ብምውህሃድን ክሰብ ታሕቲ ዝወርድ ኣወዳድባ ብምትእትታውን ይሰርሕ ከምዘሎ ኣረድኡ።

# ማሕበረ-ኮማት ኤርትራ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣካዪዶም

ኤርትራውያ ማሕበረ-ኮማት ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ሽወደን፡ ኣመሪካን ቐጠርን፡ ኣብ ሃገራዊ ጉዳያት ዘተኮረ ንጥፈታት ኣካይዶም።

በዚ መሰረት፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ባዘል፡ ልጓኖ፡ ለዛርንን ጀነቫን - ስዊዘርላንድ፡ መደባት መኸተን ልምዓትን ንምዕዋትን ተራኦምን ኣበርክቶኦምን ንምዕዛዝ ዝዓለመ ህዝባዊ ሰሚናራት ኣካይዶም።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ እስማዒል መሓመድኑር፡ ኣብ ኤርትራ ብመትከል ርእሰምርኮሳ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምስፋሕን ቀጠባዊ ሓርነት ንምርግጋጽን ዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት፡ ኣብ መጉብር ህዝቢ ብሓፈሻ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ድማ ብፍላይ ፈጢርዎ ዘሎ ማስተርሆ ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

"ውዳበ ቀንድን መሰረትን ናይ ኩሉ መደባትናዩ" ዝበለ ኣቶ እስማዒል፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት፡ ኣካል ናይ'ቲ ዝትግበር ኩለንትናዊ ሃገራዊ መደባት ንክኾኑ፡ ንቕሓቶም ኣብሪኾምን ሓድነቶም ኣስጢሞምን፡ ኣብ ምሕያልን ምስፋሕን ውዳበታት ኣተኩሮም ክሰርሑ ብምዝኽኻር፡ ፕሮጀክት ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ኣቑርደት ንምዕዋት ንዝገበርዎ ኣበርክቶ መጒሱ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ጸፋፍን ስሉጥን ቈንስላዊ ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ተኣታትዩ ዘሎ ኣገባብ ስራሕ ብምምጓስ፡ ንዚያዳ ኣድማዕነት ሕቶታት ክግበረሉ ተላብዮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያ ኣቶ መሓመድ-ዓሊ መሓመድ-ሰዒድን ሓላፊ ቈንስላዊ ጉዳያት ኣቶ የማን ኣብራን ንነበርቲ ከተማ ኡምዮ - ሰሜን ሽወደን ኣብ ዝገበርዎ ሰሚናር፡ ቀንዲ ኣተኩሮ ውዳቤታት 4ይ ግንባር፡ ምድልዳል ኤርትራዊ ኮማትን ምሕያል ሃገራዊ መደባትን ከምዝኾኑ ብምግላጽ፡ ኩለን ውዳቤታት ብዕቱብ ክሰርሓሉ ኣዘኻኺሮም።

ንኣቶም ኣሰዪቦም፡ ቈንስላዊ ኣገልግሎት ንምሃብ ዝተኣታተወ ኣገባብ ኣሰራርሓ ርእይ ፍታሕ ኣምጺኡ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሓላሊፉ ዝርኣ ሕጽረታትን ብድሆታትን ንምቕላል፡ ሽማግለ ከተማታት ንዘገብርኦ ዘለዋ ምትሕግጋዝ ሞጒሶም።

ብኻልእ ወገኑ፡ ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ዞባ ማእከላይ ምዕራብ ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብ18 ሚያዝያ ዓመታዊ ዋዕላኡ ኣብ ከተማ ቺካጎ ኣቃሪቡ።




ኣብ'ቲ ካብ 13 ከተማታት ዝተወከሉ ኣባላት ዝተሳተፍዎ ዋዕላ፡ ኣብ 2025 ዝተሰላሰለ ውድባዊ ንጥፈታት ብምዝምጋም ውጥን መደባት ስራሕ 2026 ድሕሪ ምሕንጻጽ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኣመሪካ ኣቶ ብርሃ ንብረሂወት፡ "3 ተግባራት ፖለቲካዊ ስራሕ ህዝባዊ ግንባር" ብዝብል ኣርእስቲ ሰፊሕ ትምህርቲ ሂቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ትግባረ መደባት ስራሕ 2026 ኣብ'ቲ ትምህርቲ ምርኩስ ዝገበረ ኻልእውን ተማሕጺኖም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ኣ'ደውሓ - ቐጠር፡ "ክብርታትና ድርዕና" ብዝብል ቴማ 8 መጋቢት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኑቲ ዕለት ብዘዝክርቕ ምዕሩግ መሰናድኣታት ጸንቢሎም።

ብ17 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ቐጠር ኣቶ ዓሊ ኢብራሂምን ኣደ-መንበር ሃማደኤን ንታሪኻዊ ተራ ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ማሰርሒ ቃልሲ ንጸትት፡ ምኽባር ልኡላውነትን ህንጻት ሃገርን ድሕሪ ምግላጽ፡ ከም'ቲ ብቃልሲ ማዕርነታ ዘረጋገጸት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጸላታት ዝሰላሰል ዘሎ መደባት ንምዕዋት ወፋይ ኣበርክቶ ተካይድ ከምዘላ ገሊጾም።


ጽንዓትና ዋሕስና! ...صمودنا ضماننا!
OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ትሑት ጸቕጢ ደም ምስ ዋሕዲ ደም ምትእስሳር ኣለዎዶ፧

ሓደ ሰብ ንቡብ ዓቐን ጸቕጢ ደሙ ምስ ዝትሕት፡ ብልምዲ ደመይ ውሒዱ ክብል ይሰማዕ እዩ። እዚ ግና ቅኑዕ ኣገላልጻ ኣይኮነን። ዋሕዲ ደም ብሕክምናዊ ኣገላልጻ 'ኣነሚያ' (anemia) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። 'ኣነሚያ' ኣብ ደምና እኹል ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ወይ ሄሞግሎቢን ዘይምህላው ዘመልክት ጥዕናዊ ጸገም እዩ። እዚ ጸገም'ዚ፡ ኣብ መላእ ኣካላትና ዝርከቡ ኣካላት እኹል ኦክስጅን ከይረኽቡ ይገብር። ትሑት ጸቕጢ ደም፡ 'ሃይፖተንሽን' (hypotension) እዩ ዝበሃል። ልቢ ናብ መላእ ኣካላትና ትልእኮ ደም ምስ ዝንደል ዝርአ ጸገም እዩ። ትሑት ጸቕጢ ደም ዝበሃል ንቡብ ካብ 90/60 ምስ ዝንደል እዩ። ክልቲኦም ጥዕናዊ ጸገማት ቀጥታዊ ምትእስሳር ግና ኣለዎም። ሕማም 'ኣነሚያ' ቀልጢፍካ ብግቡእ ክፍወስ ምስ ዘይክእል ትሑት ጸቕጢ ደም ከህልወካ ዝኽእሎ ተኽእሎ የሎን። ክልቲኦም ዝርኣዮም ምልክታት'ውን ተመሳሳልነት ስለ ዘለዎ፡ ንምልላዩ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራ ምክያድ የድሊ።

## ትሑት ጸቕጢ ደም

ትሑት ጸቕጢ ደም፡ ጸርወርው ዘብል ስምዒት እዩ ዝፈጥር። ድሕሪ ምምጋብና፡ ካብ ኮፍ ዝበልናሉ ተላዒልና ደው ክንብል እንከለና፡ ርእስና ጸርወርው ክብለና ኣስተብሂልና ኣለና። እዚ ብሰንኪ ትሑት ጸቕጢ ደም እዩ ዝጋጥም። ትሑት ጸቕጢ ደም ምስ ዝተፈላለዩ ጥዕናውን ባህርያውን ኩነታት ተኣሳሲሩ ይመጽእ እዩ።

ትሑት ጸቕጢ ደም እንታይ ማለት እዩ?

ልቢ ኣብ እተካይዶ ነፍሲ-ወከፍ ህርመት፡ ደም ብመንገዲ ኣርተሪ ተደፊኡ ከም ዝጭሞቕ እያ ትገብር። ደም ብመንጸር መናድቕ ሻምብቆ ኣርተሪ ተደፊኡ ንኽወጽእ ዝፍጠር ሓይሊ፡ ጸቕጢ ደም (blood pressure) ይበሃል።

ጸቕጢ ደም ብዝካየዶ ንጥፈታት፡ ክብን ለጠቕን ክብል ንቡር እዩ።

ጸቕጢ ደም፡ ደምና ብሻምብቆታት ኣርተሪ ክሓልፍ እንከሎ ዘድልዮ ሓይሊ እዩ ዘመልክት።

ጸቕጢ ደም ብኽልተ ነገራት እዩ ዝልካዕ - ልቢ ኣብ ትሃርመሉ ግዜን ኣብ መንጎ ህርመት ዘሎ ልቢ እተዕርፈሉ ግዜን።

ልቢ ኣብ እትገብሮ ነፍሲ - ወከፍ ትርግታ፡ ናብ ሻምብቆታት ኣርተሪ ደም ትጭምንገዕ እያ። ልቢ ደም ኣብ እትጭምንገዓሉ፡ ጸቕጢ ደም ዝለዓለ ይኸውን። እዚ፡ 'ጸቕጢ ሳይስቶሊክ' (systolic pressure) ንብሎ። ልቢ ኣብ ነፍሲ - ወከፍ ምጭምንጋዕ ዘለዋ ዕረፍቲ ጸቕጢ ደም ይጎድል። እዚ ድማ፡ 'ጸቕጢ ድያስቶሊክ' (diastolic pressure) ንብሎ።

- ጸቕጢ ሲያስቶሊክ፦ ሸንትሪክል ዝተባህለ ክፍሊ ልቢ ተጨቢጡ፡ ደም ብመንገዲ ሻምብቆ ኣርተሪ ንዝሓልፈሉ ሓጺር ግዜ ይልክዕ። እዚ ምሉእ ሰብነትና እኹል ደም ከም ዝረክብ ዝገብር እዩ።

- ጸቕጢ ዲያስቶሊክ፦ ልቢ ኣብ መንጎ ተካይዶ ህርመት ዝሎ ናይ ዕረፍቲ እዋን ይልክዕ። ዲያስቶሊክ፡ ኮሮናሪ ዝተባህለ ክፋል ልቢ ደም ከም ዝመልእ ብምግባር፡ ልቢ እኹል ቀረብ ደም ክትረክብ ዝገብር ግዜ እዩ።

ጸቕጢ ደምና ንምግላጽ ክልተ ቁጽርታት ኢና ንጥቀም። እቲ ላዕለዋይ (ተመቃላሊይ) ቁጽሪ ንናይ ሲያስቶሊክ ንቡብ የመልክት። እቲ ታሕተዋይ (መቓሊ) ድማ ንናይ 'ሲያስቶሊክ' ንቡብ የመልክት። ጸቕጢ ደምና ንቡር ክኸውን ጸቡቕ ዩ። ትሕቲ 120/80 ክኸውን እዩ ዝምከር።


ጸቕጢ ደምና ልዕሊ ንቡር ዝተሓተ ክኸውን ግን የብሉን። ብቐሊሉ ከም እትደክምን እትድንዘዘን እዩ ዝገብር። ኣብ ገለ ኩነታት'ውን ንዘቦኣሰ ጥዕናዊ ጸገም ከቃልዓካ ይኽእል እዩ። ብሕክምናዊ ኣገላልጻ ትሑት ጸቕጢ ደም - 'ሃይፖተንሽን' (hypotension) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ሓደ በጽሒ ኣብ 'ሃይፖተንሽን' ኣትዩ ክንብሎ እንተኾይንና፡ ንቡብ ጸቕጢ ደሙ ትሕቲ 90/60 ክኸውን ኣለዎ።

### ዓይነታት ትሑት ጸቕጢ ደም

ሓያሎ ዓይነት ትሑት ጸቕጢ ደም እዮም ዘለዉ። ብመሰረት የጋጥሙን ጠንቆምን ይፈላለ እዩ።

'ኦርቶስታቲክ' - Orthostatic

'ኦርቶስታቲክ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ጸቕጢ ደም፡ ኮፍ ኢልና ወይ ተገምቢና ጸኒሕና ሃንደበት ደው ክንብል እንከለና ዘጋጥም እዩ። እዚ ከምዚ ክንክውን ዝኸውን ድማ፡ ኣብቲ ጸቕጢ ደም ናይ ንጣዞ ምቅይያራት




ስለ ዝፍጠር እዩ። ብኣንጻሮ ምቅይያር ናይ ኣቃውማ ዘጋጥም ብምዃኑ'ውን 'ፖስቹራል ሃይፖተንሽን' (postural hypotension) ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ።

ኣካላትና ምስቲ ንገብሮ ምቅይያር ናይ ኣቃውማ ክመዓራረ፡ ሰንከልከል ክንብል ወይ ጸርወርው ክብለና ንቡር ይኸውን። ስለዚ እዩ ድማ ገለ ሰባት ኮፍ ኢሎም ክትንስኡ እንከለዉ ናብ ሰማይ ምጥማት ዝመርጹ።

'ኦርቶስቲክ ሃይፖተንሽን' ልሙድ ተርእዮ ናይ ዋሕዲ ጸቕጢ ደም እዩ። ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ንዝርከብ ሰብ ክጸልእ ዝኽእል እዩ። ዝያዳ ግና ኣብ ኣባጽሕን ዝሸምገሉ ሰባትን ይርአ። ዕድመን ነፍሰ-ጾር ምዃንን'ውን ንዕሉ ጠንቂ ዋሕዲ ጸቕጢ ደም ኮይኑ ይጥቀስ እዩ።

ንስርዓተ መትኒ ዝትንክፉ ከም ሕማም ምንፍጥፋጥ ሰብነት (Parkinson's disease) ከምኡ'ውን ሕማም ሽኮር ናብ ውሑድ ደቐጢ ደም የሰጋግሩና እዮም። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ ሕማም ፓርኪንሶን ካብ ዘለዎም ሰባት እቶም ካብ 30 ክሳብ 50 ሚእታዊት፣ ሕማም ሽኮር ካብ ዘለዎም ሰባት ድማ እቶም 30 ሚእታዊት ትሑት ጸቕጢ ደም የጋጥሞም።

ድሕሪ መግቢ ዝርአ ትሑት ጸቕጢ ደም - Postprandial

ገለ ሰባት መግቢ ድሕሪ ምምጋቦም ርእሶም ጸርወርው ክብሎምን ክሰልክዮምን ይረኣዩ እዮም። እዚ ብሰንኪ ኣብ ሰብኦም ዝርአ ትሑት ጸቕጢ ደም እዩ። 'ፖስትፕራንዲያል ሃይፖተንሽን' (Postprandial hypotension) ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። ድሕሪ መግቢ ዝርአ ትሑት ጸቕጢ ደም ብዙሕ ግዜ ኣብ ኣባጽሕ የጋጥም።

**መትናዊ ፍወሳ** - Neurally mediated

ጸቕጢ ደም ኣብ መንጎ ስርዓት መትንን ካልኦት ስርዓታት ሰብነትን (ከም ሆርሞናትን ኣካላትን) ዝካየድ ንጥፈት እዩ። ኣብ መንጎ እዞም ስርዓታት ዝካየድ ምዝንባል ድማ ትሑት ጸቕጢ ደም ከጋጥም ንቡር እዩ። ኣብ መንጎ ልብን ሓንጎልን ዘጋጥም ዘይምንባብ 'ኒውራልይ መዲተይትድ ሃይፖተንሽን' (Neurally mediated hypotension) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ጠንቂ ናይዚ ዓይነት ጸቕጢ ደም'ዚ፦

- ብሓደ ዓይነት ኣቃውማ ንነዊሕ ሰዓታት ደው ኢልካ ምጽናሕ፡ ህጻናት ካብ ኣባጽሕ ንላዕሊ ከምዚ ዓይነት ኣቃውማ ከዘውትሩ ይረኣዩ።

- ስምዒታዊ ምዃን፡ ከቢድ ራዕድን ስንባደን ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ገለ ሰባት መርፍእ ክወግኡ ወይ ሰፊ ክንቕሉ እንከለዉ ክወድቁ ይረኣዩ እዮም። እዚ ብሰንኪ መትናዊ ፍወሳ ዘጋጥም ትሑት ጸቕጢ ደም ኢልና ንገልጾ።

### ጽኑዕ - Severe

ኣብ ግዜ ሰንባደ ሃንደበት ምትሓት ጸቕጢ ደም ይርአ እዩ። ኣብ ከምዚ ስምዒታዊ ኩነት ኣካላትና እኹል ደምን ኦክስጅንን ኣይረኽብን። እዚ ዓይነት ትሑት ጸቕጢ ደም ኣብ ግዜኡ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን እንተዘይረኺበ ከቢድ ጉድኣት እዩ ዘስዕብ።

ካልኦት ዓይነታት

ብዙሕ ግዜ ትሑት ጸቕጢ ደም ዘጋጥመካ እንተኾይኑ፡ ጎድናዊ ሳዕቤን ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ክኸውን ይኽእል እዩ። ጸቕጢ ደም ንምፍዋስ ንወስዶ መድሃኒት ሓደ ሓደ እዋን ትሑት ጸቕጢ ደም የስዕብ እዩ።

ንኹነታት ልቢ፡ መትኒ፡ ጸላም ኩብዩ፡ ወይ ገለ ሆርሞናት ዝትንኺ ኩነታት ትሑት ጸቕጢ ደም ከስዕብ ይኽእል እዩ። ዋሕዲ ቫይታሚን ንባዕሉ ጠንቂ ትሑት ጸቕጢ ደም ኮይኑ ይጥቀስ እዩ።

### ጠንቂ

ናይ ዝኾነ ሰብ ጸቕጢ ደም ኣብ ሓደ ወይ ካልእ ግዜ ይጎድል እዩ። ዋሕዚ ደም ዝቆጻጸር ውሽጣዊ ኣካላትና ኣብ ገለ እዋን ትሕቲ ንቡር ጸቕጢ ደም ከም ዝህልወና ይገብር እዩ።

ገለ ሰባት፡ ብዘይ ዝኾነ ዝርአ ምልክት፡ ኩሉ ግዜ ትሑት ጸቕጢ ደም ክህልዎም ይኽእል እዩ። ጠንቂ ናይዚ ዓይነት ጸቕጢ ደም ንጹር ኣይኮነን።

ጠንቂ ሃንደበታዊ ምትሓት ጸቕጢ ደም

ሃንደበታዊ ምትሓት ጸቕጢ ደም ድሕሪ ገለ ክስተት/ ፍጻመ ዘጋጥም እዩ።

- ብቐጸበት ኮፍ ኢልካ ጸኒሕካ ደው ብምባል፡

- መግቢ ብምምጋብ፡

- ሃንደበት ናይ ፍርሒ ወይ ሰንባደ ስምዒት ብምርኣይ ከጋጥም ይኽእል።

ትሑት ጸቕጢ ደም ክፈጥሩ ዝኽእሉ ኩነታት

ገለ ኩነታት ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕ ትሑት ጸቕጢ ደም ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም። ብኣግኡ ክፍወሱ ምስ ዘይክእሉ ድማ ንህይወት ይፈታተኑ እዮም። እዞም ኩነታት'ዚኦም፦

- ብሰንኪ ነፍሰጾር ኣደን ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸልን ዝርአ ጠሉብ ደም ብምውሳኽ ዝርአ ኩነታት፡

- ብሰንኪ መጥቃዕቲ ልቢ ወይ ካልእ ጸገማት ናይ ልቢ፡ ኣብ ዑደት ደም ዝፍጠር ዘይምምዕርራይ፡

- ንቕጽተ ሰብነት ዝፈጥሮ ተምሳሰን ወጽኣት ዘሰዓቦ ዘይምምዕርራይ ፈሳሲ ሰብነትን፡

- ረኽሲ ደም ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

ምልክታት ትሑት ጸቕጢ ደም

'ሃይፖተንሽን' ብዙሕ ግዜ ምልክታት ኣየርእን እዩ። ይኹን'ምበር፡ ትሑት ጸቕጢ ደም ማለት ኣካላትና ንኽሰርሑ እኹል ደም ይረኽቡ የለዉን ማለት ስለ ዝኾነ፡ ከምዚ ኪጋጥም እንከሎ ገለ ምልክታት ክርአ ንቡር እዩ።

- ምስሊቻው፡

- ሃለዋትካ ክተጥፍእ ክሳብ እትደሊ ዝመስል ሕውዝውዝ ምባል፡

- ሚዛን ሰብነትካ ክትስሕት ክሳብ እትደሊ ጸርወርው ምባል፡

- ክተምልስ ክሳብ እትደሊ ዕግርግር ምባል፡

- ቆርበት ሰብነትካ መጠግለጥግ ምባል፡

- ሕልናኻ ምዕራብ፡

- ኣደኻሆ ምጥፋእ፡

- ነገራት ብዝዮዮ ክተለሊ ዘይምኽኣል ገለ ካብ ምልክታት ትሑት ጸቕጢ ደም እዮም።

ትሑት ጸቕጢ ደም ብኸመይ ንፍውሶ?

ጥዕና ዘለዎ ኩነታት ኣነባብራ ብምኽታል ንቡር ጸቕጢ ደም ክህልወና ይኽእል።

- ጥዕና ዝሀቡ መግብታት ምምጋብ፦ ጸቕጢ ደምና ንቡር ንምግባር ኣብ ኣመጋግባና ቀሊሒታ ክንገብር ይግባእ። ሰብሕን ቅብኣትን ዘለዎም መግብታት ብዝበዝሒ ካብ ምውሳድ፡ ኣመጋግባና ኣሕምልትን ፍረታትን ዝተሓወሶ ክኸውን ይምረጽ።

ትሑት ጸቕጢ ደም መግቢ ምስ እተመግቦ ዘጋጥመካ እንተኾይኑ፡ ድሕሪ ምምጋብካ ተቐላጢፍካ ደው ካብ ምባል ክተዕርፍን ክትዛዘን ይምከር።

- ሰብነትና ብዝዮዮ ምጥላል፦ መዓልታዊ እኹል ፈሳሲ ብምውሳድ ሰብነትና ብምጥላል ካብ ትሑት ጸቕጢ ደም ንምክልኻል ይከኣል እዩ። ኣብ እንንቀሳቐሰሉ ወይ ልዑል መቑሪ ኣብ ዘለዎ ከባቢ ምስ እንህሉ፡ እኹል ፈሳሲ ንወስድ ከም ዘለና ክንከታተል ይግባእ።

- ስምዒታትካ ምቁጽጻር፦ ኩሉ ግዜ ንጡፍን ህዱእን ክትከውን ጸቡቕ እዩ። ንዘመጽካ ዘሕዝን ወይ ዘሰንብድ ፍጻመታት ተቐሪብካሉ ክትጸንሕ ስለ ዝገብር።

- ኣብ ሓደ እዋን ንነዊሕ ሰዓታት ደው ወይ ኮፍ ዘይምባል፦ ብሓደ ኣቃውማ ንነዊሕ እዋን ኮፍ ወይ ደው ብምባል ርእሰኻ የጸራርወካ እንተኾይኑ፡ ካብኡ ናብኡ ክትንቀሳቐስ ይግባእ።

ምንጪ፦ everydayhealth


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም  ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ  ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳጾ 1284

# ትንታነ ዜና


ሚርያም ኣብርሃም

## ምንዋሕ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ፡ ንጉዳይ ኢራን ነባሪ ፍታሕ የምጽኣሉ ዶ ይኸውን፧

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ኢራንን ንኽልተ ሰሙንታት ጸኒሑ ዝጸንሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዘብቅዓሉ እዋን፡ ነቲ ስምምዕ ንዘይተወሰነ መዓልታት ከም ዘናውሖ፡ ኣብቲ ብ'ትሩዝ ሶሻል' ዝፍለጥ ናይ ገዛእ ርእሱ ማሕበራዊ መራኸቢ ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ ኣመልኪቱ፡፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ መንጎ ኢራንን ኣመሪካን ተወሳኺ ዲፕሎማስያዊ ዝርርባት ንምክያድ ነቲ ስጉምቲ ከም ዝወሰዶ እውን ኣብ ሓበሬታኡ ኣረዲኡ'ሎ፡፡ ኣመሪካን ኢራንን ዋላ'ኳ ብመንጎኛነት ፓኪስታን ናይ ሰላም ዝርርባት የካይዳ ኣለዋ እንተ ተባህለ "እቲ ኩናት ብምርድዳእ ንሓዋሩ ደው ክብል ይኽእል እዩ" ክንብል ግን ኣይንኽእልን ኢና - ብመሰረት ጸብጻባት፡፡ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ናይዚ ከኣ፡ ዘይውዳእ ድሌታት ኣመሪካ፡ ዘይተማበርካኽቶትን ዘይተጸዓደቶትን ናይ ኢራን እዩ፡፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት እምበኣር፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ሓደ ርጡብ ዝኾነ ርክብ ክካየድ ይኽእል እዩ ኢልካ ክትዛረብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ፕረዚደንት ኢራን መስዑድ ፐዘሽኪያን፡ "ተዘራሪብኩ፡ ተረዳዲእኩ፡ ኣብ ሓደ መዕለቢ በጺሕካን ስምምዕ ከተምጽእን ከተብቅዕ ንምሽቱ፡ ነቲ ዝዘራረብኩሉ ነጥቢ ወይ ዝኸተምካሉ ውዕል ኣፍሪስካ፡ ኣብ ዝሞጽእሉ ግዜ ውግእ ትጅምር እንተ ኾይንካ፡ ዝግበር ርክብ ካብ ግዜ ምጥፋእ ሓሊፉ ካልእ ትርጉም የብሉን" ዝበሎ መርገጺ እዩ ሒዙ ዘሎ፡፡ ብመሰረት ቃል ናይቲ ፕረዚደንት፡ ኩሉ'ቲ ኣብ መንጎ ኢራንን ኣመሪካን ዝካየድ ዝርርባት ክዕወት እንተ ኾይኑ፡ ብኽልቲኤን ሃገራት ዝተኣትወ ቃል ምሕላው ከድሊ እዩ፡፡ እንተ ዘይኮነ ግን፡ ኢራን ክትዛረረብ እውን ድሌት የብላን፡፡ ብኻልእ ወገን፡ ኢራን ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ እምነት ከም ዘይብላ ክንርኢ ንኽእል ኢና፡፡ እዚ ማለት፡ ምንዋሕ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ይኹን ካልእ ተበግሶታት ኣመሪካ፡ ብዓይኒ ኢራን ክርኣ እንከሎ፡ ንኻልእ ዙር ኩናት ዝኸውን ግዜ ከም ምሽማት ወይ ከም ምድላው፡ ወይ'ውን ብዝዕባ ሓደሽ ሜላታት ናይ ኩናት ከም ምሕሳብ እዩ ዝቑጸር፡፡

ኣመሪካ ካብ ኢራን እትደልዮ ነገራት ብዙሕ እዩ፡፡ ኣብቲ ፈለማ፡ ኣመሪካ ነቲ ኩናት ደው ከተብሎ ክትሕተት እንከላ፡ ኢራን ንመጽበቦ ሖርሙዝ ምሉእ ብምሉእ ምስ ከፈተቶ ከም እተቋርጾ እያ ደጋጊማ ትገልጽ ነይራ፡፡ ኢራን እዚ ምስ ሰምዐት፡ መጽበቦ ሖርሙዝ ንጽላእታ እንተ ዘየኽየዱ ንኻልኦት ሃገራት ክፉት ምዃኑ ገለጸት፡፡ ትራምፕ ከኣ እዚ ሰሚዑ፡ ኢራን ዘለዋ ዝተጻረየ የራንዩም ብምሉኡ ከተረክቦ ጻውዒት ኣቕረበ፡፡ እንተኾነ፡ መንግስቲ ኢራን፡ ብመጠንቀቕታ ኣመሪካ ሰጊኣ ነቲ ኣብ ዘይተፈልጠ ምስጢራዊ ቦታ ከዚኑዎ ዘሎ የራንዩም ኣሕሊፉ ክረክብ እዩ ኢልና ክንዓምት ኣይንኽእልን ኢና፡፡ ኢራን ኣብቲ ኩናት ክትማረኽ ወይ'ውን ኢዳ ክትህብ እያ ኢልካ ምእማን፡ ፍጹም ዘይሕሰብ ምዃኑ ፕረዚደንት ፐዘሽኪያን ብተደጋጋሚ ምግላጹ ድማ እዚ'ዩ ዘረጋግጽ፡፡

መስርሕ ዘተ ሰላም ኣብ መንገዲ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ዝሓለፈ ረቡዕ'ውን እንተኾነ፡ "ኢራን ንኹሉ'ቲ ኣቕሪብሎ ዘለኹ ቅድመ ኩነት ምስ ዘይትቕበሎ፡ ኣብታ ሃገር ዝሎ ኩሉ ድንድላትን መመንጨዊ ሓይሊ ኤሌትሪክን ክዕንዎ እየ" ክብል'ዩ ተሰሚዑ፡፡ ኢራን ብወገና፡ ብኸምዚ ዓይነት ምፍርራሕ፡ ንሳን ኣመሪካን ኣብ ሓደ ዕቱብ ስምምዕ ክበጽሓ ይኽእላ እየን ኢልካ ክሕሰብ ዘይክእል ምዃኑ እያ ምላሽ ሂባትሉ ነይራ፡፡ ድሕሪዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መጠንቀቕታ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኢራን እንደገና ብመንገዲ ኣምባሳደራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣቢላ፡ ኣመሪካ ንወደባት ኢራን ምዕጻው ክየቋረጸት ናብ መኣዲ ዘተ ከም ዘይትቐርብ ኣፍሊጣ፡፡ ኣመሪካ ድማ፡ ነቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ንልኡኽ ጉጅለ ተዛተይቲ መሪሑ ኣብ ከተማ ኢስላማባድ - ፓኪስታን ክካየድ ተወጢኑ ኣብ ዝነበረ ካልኣይ ዙር ዘተ ሰላም ንምስታፍ ክኸይድ ዝሓሰበ ምክትል ፕረዚደንት ጀይ ዲ ቫንስ፡ ጉዕዞኡ ሰሪዙ፡፡ እዚ ኩሉ ምትህልላኽ ናይ'ዘን ክልተ ሃገራት ተደማሚሩ እዩ እምበኣር፡ ኩናት ኢራን ብሰላም ክዓርፍ'ዩ ኢልካ ምእማን ኣሸጋሪ ዝኸውን ዘሎ፡፡ እዛ ብእትኽትሎ ዘላ ወተሃደራዊ ሜላን ካልእን ንዓለም ምሉእ ኣገሪማ እትርከብ ኢራን፡ ቀዳምነታታ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣእትያ ንኣመሪካ ኢዳ ከም ዘይትህብ ኣረጋጊጻ ኣላ፡፡ ኣመሪካ'ውን እንተኾነት፡ ነቲ ይውንኖ እየ እትብሎ ክብሪ ከይኀደገት፡ ካብቲ ዘቐመጠቶ ነጥብታት ክተድሓርሕር ኣይክትደልን እያ - ብመሰረት ክኢላታት፡፡ ኣብ መወዳእታ ዝመጽእ ሕቶ እምበኣር፡ እቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ብኸመይ ኣገባብ እዩ ኣብ ፍረ ክበጽሕ ዝኽእል? ኣብ ፍረ እንተ ዘይበጽሐ'ኸ መን'ዩ ዝያዳ ተረባሒ ክኸውን ዝኽእል? ዝብል እዩ፡፡





ብመሰረት ዝተፈላለዩ ጸብጻባት፡ ኢራናውያን ኣብዚ ኩናት ብኣዝዩ ረቂቕ ሜላ እዮም ዝቃለሱ ዘለው፡፡ እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ዝርርባት ብስምምዕ ኣብ ሓደ መዕለቢ እንተ ዘይበጽሐ ድማ፡ ኢራን ዝያዳ ተረባሒት ክትከውን ትኽእል እያ ዝብል ግምታት ኣሎ፡፡ ምኽንያቱ፡ እታ ሃገር ንመጽበቦ ሖርሙዝ ብምዕጻው፡ ብደረጃ ዓለም ተወርዶ ዘላ ከቢድ ቁጠባዊ ክሳራታት፡ ኣመሪካውያን ንኻልኣይ ግዜ ናብኣ ገጾም ከይቀርቡ ዘጠንቅቕ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ በዚ ከኣ፡ ኢራን ብቐሊሉ ዘይትትንከፍ ወይ'ውን ሓይላ ዘመስከረት ሃገር ክትኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ኢራን በዚ እተርእዮ ዘላ ኢደካ ናይ ዘይምሩኻብን ናይ ዘይምርብራብን ባህርያት ኣቢሉ፡ ንኣመሪካን እስራኤልን ሓደ ዓቢ ትምህርቲ ክትህበን እያ ትጽዕር ዘላ፡፡ እዘን ክልተ ሃገራት ንዓኣ ምህራም ናይ መወዳእታ ጌጋ ቀመራ ምዃኑ ክኣምና ምግባር ድማ'ዩ ድሌታ፡፡

ብወገን ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ሓጺር መዓልታት ክውዳእ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዝጀመረ ኩናት ኢራን ካልኣይ ወርሑ ክቑጽር ቀሪቡ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ዝጸንሐን ክብርን እምነትን እናጎደለ ክኸይድ ደሪኡ ኣሎ - ብመሰረት ተንተንቲ ፖለቲካ፡፡ ኩነታት ቁጠባ ዓለምና ኣብ ኣዝዩ ኣሰካፊ ደረጃ በጺሑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ዋጋ ነዳዲ ብልዑል ናህሪ ክወሰኽ እዩ ዝረኣ ዘሎ፡፡ በዚ ምኽንያት'የን ከኣ ሓያሎ ሃገራት፡ እቲ ኩናት ደው ክብል፡ ብሰንኪ ናህሪ ዋጋ ነዳዲ እናሃሰየ ዝኸይድ ዘሎ ቁጠባኣን ድማ ናብ ንቡር ክምለስ ጻውዒት ዘቕርባ ዘለዋ፡፡

ብተወሳኺ፡ እቲ ተናዊሑ ዘሎ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ናብቲ ዝድለ ዘሎ ናይ መወዳእታ ውዕል ሰላም ክሰጋገር እንተ ዘይክኢሉ፡ ኣመሪካ ንኣዕለዎት መራሕቲ ኢራን ምቕንጻል ክትቅጽሎ ከም እትኽእል እዩ ዝንገር፡፡ ምኽንያቱ፡ እቲ ሓደ ንኣመሪካ ዕንቅፋት ዝኾነ ዘሎ ነገር፡ ኢራን ትኽተሎ ናይ ትእዛዝ ሰንሰለት (ቸይን ኦፍ ኮማንድ) እዩ፡፡ ኣብ ኢራን ሓደ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ምስ ዝቕተል፡ ብቐጥታ እዩ በቲ ትሕቲኡ ዘሎ ካልእ ሰብ ዝትካእ፡፡ እዚ ማለት፡ ንኹሉ ምስጢርን ኣገባብትን ናይቲ ዝጸንሐ መራሒ ዝፈልጥ፡ ሓደ ብዓል ስልጣን መተካእታ ኣሎ ማለት እዩ፡፡ ብመሰረት ምስታ ሃገር ቀርበት ዘለዎም ተንተንቲ፡ ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ኣብ ወረቐት ክትጽሕፎ ኣዝዩ ቀሊል፡ በዚ ኢራን ትኸደሉ ዘላ መንገዲ ተግባራዊ ክትገብሮ ግን ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ፡፡ ንኢራናውያን ግን፡ እዚ ኣሸጋሪ ዝበሃል ዘሎ ኣገባብ ኣዝዩ ቀሊል ክኾነሎም ኢና ንዕዝብ ዘለና፡፡ ኣብታ ሃገር፡ ሓደ ኣዛዚ ምስ ዝቕተል፡ ኣብ ትሕቲኡ ንኹሉ'ቲ ነገር ብዓል ስልጣን ዝኽተሎ ዝነበረ ስትራተጂ ብደቂቕ ዝፈልጥ ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት ክመርሕ ዝኽእልን ውልቀ ሰብ ኣሎ - ብመሰረት ጸብጻባት፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ወደባት ኢራን ዝኣወጆ ዕጽዋ ገና ከም ዝቕጽሎ ኣብ ዝገለጸሉ እዋን፡ ኢራን ተቓውሞኣ ንምግላጽ ክትብል፡ ናብቲ ክትክተሎ ዝጸንሐቶ ናይ ቀደም ፖሊሲኣ ተመሊሳ ከም ዘላ እዩ ዝንገር ዘሎ፡፡ በዚ ኣገባብ'ዚ ከኣ፡ ንመጽበቦ ሖርሙዝ ምሉእ ብምሉእ ብምዕጻው፡ ኣብ ልዕሊ'ተን በቲ መጽበቦ ክሓልፋ ዝፍትና ንግዳውያን መራኽብ መጥቃዕቲ ክተካይድ ጀሚራ ኣላ፡፡ እዚ ከኣ ንናህሪ ዋጋታት ነዳዲን ጋዝን መሊሱ ኣዛይዱ፡ ኣብ ቁጠባ ዓለም ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ቁጠባ ናይ'ተን ብመጽበቦ ሖርሙዝ ኣብ ዝሓልፍ ጸዓት ዝምርኮሳ ሃገራት ከቢድ ጸቕጢ ክፈጥር ምዃኑ፡ ከሎ ገና ርጉጽ ኮይኑ ምህላዉ'ዮም ክኢላታት ስነ ቁጠባ ዘመልክቱ ዘለው፡፡



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄል ደባይዋ |
| 15:30 | መደብ ሞዚቃ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ሞዚቃ |
| 18:20 | እትመት |
| 19:00 | ዝኽርታት ረፈረንደም |
| 23-25 | ሚያዝያ 1993 (2ይ ክፋል) |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሄረር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳውን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ማሕበር ደምበ ሰምበል፡ ተኸሰስቲ ቁ/9 ጸገወይኒ የውሃንስ 1.4 ኮሎኔል ሃይለ ተስፋጋብር፡ ቁ/30 ኣማኑኤል ገብረመድህን፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ/32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር።

ኣልጋሽ ወልዱ ገብረሂወት፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ራት ሉተብርሃን ወልደገርግስ ከምኡ'ውን ወረ/ፍ ሓሊቃ ሚእቲ በላይ ማና መተሓ፡ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ን14/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ/49 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ኣቶ የማን ኣስገዶም፡ ወለድና ኣስገዶም ክፍለን መኣዛ ወልደዳዊትን ስለዝዋረዱ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ገብርኤል ሰዩም ማረ፡ ወደይ ገብረትንሳኤ ወልደገርግሽ ገብረታትዮስ ስለዝተሰውኡ፡ ሓዳር ስለ ዘይብሉ፡ ኣነ ምስ ብዓል ቤተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሰላማዊት ኣስገለ በላይ፡ ተጸዋዒት ራሄዋ ኣስገለ በላይ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኢያ ቅረቢ።

ሰናይት ሃይለማርያም ሃብተማሪያም፡ ስም ኣደይ ኣበባ ተኽለማርያም ምባል ተሪፉ፡ ዑቕባ ተኽለማርያም ተስፋጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲ መም/ ጸጋይ ክብርኣብ ክፍሉ፡ ወከል ዳኒኤል ጸጋይ፡ ተኸሰስቲ 1. ወ/ሮ ጀሚላ ኑር ኣደም 2. ኣቶ ዓሊ ጥዑም፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከልኩም ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር።

ፊና ተስፋሚካኤል ወርቃሂ፡ ጓለይ መርሃዊት ዘርኣ ደባስ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ምስ ወላዲኣ ኣቶ ዘርኣ ደባስ ኪዳ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃይለ ተስፋይ ገብረማርያም ምባል ተሪፉ፡ ፍጹም ተስፋይ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ከሳሲ ኣቶ ኑረዲን ዓብደልቓድር፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተወልደ ገብረ ገብረስላሴ፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ናይ ገዛ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብሕጋዊ ወከልኩም ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር።

ኣብ ቁጽሪ ትካልና "ጋራጅ ዳስተክ" ኮቢ 05 ኣብ ከተማ ከረን ዞባ ዓንሰባ ዝርከብ ኒሳን ፒክ ኣፕ፡ ናይ ቅድም ቁጽሪ ሰሌዳ ER-1-04853 ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ሞተረታት ማይ ዘቐመጥኩም ዓማዊል፡ ንብረትኩም ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ (30 መዓልታት) ካብ ትካልና ክተልዕሉልና ንሓትት። እንተዘይኮይኑ፡ ድሕሪ እዚ ግዜ'ዚ ዝመጽእ ሕጋዊ ሳዕቤናት ተሓተትቲ ከምዘይኮንና እናሓበርና፡ ጉዳይና ብሕጊ ከፈጽሞ ምኳንና ንሕብር።

ዋና ትካል፡ ሰለሙን ገብረዮውሃንስ

ኣነ ወ/ሮ መርየም ኢብራሂም ኑሩ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ መንደፈራ ምምሕ/ዓዲ ባሪ ቁ/ገዛ 80 ዞባ 04 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 401261 መወከሲ ቁጽሪ 401598 ብስም ወላዲተይ ወ/ሮ ኣሚና ዓብደረሒም መሓመድን ብስም ሓትነይ ወ/ሮ ዘምዘም ዓብደረሒም መሓመድን ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ስለዘሎ፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ኣሚና ዓብደረሒም መሓመድ ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ ቀሪባ ብዕለት 25/11/2024 ብቁ/መዝ/19/2024 ብዝተመዝገበ ውዕል ወሂባቶ ብጽሒታ ብህያብ ሂባትኒ ስለ ዘሎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ናብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ቴክኒክ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ይቕረብ።

ወ/ሮ መርየም ኢብራሂም ኑሩ

ኣመልከትቲ ወረ/ፍ/ኣቦ ተወልደብርሃን ገብረ፡ ወረ/ፍ/ተወልደ ባህታ ጊላሚካኤልን ብውርሲ ዝረኸብናዮ ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ምምሕ/ን/ዞባ ገዛ ጥንዱ ዞባ 2 ምም/09 ጎደና ተከዜ ቁ/ገዛ 26 ዝርከብ፡ 3+6 ቀንዲ ክፍልታት፡ 3 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዘጠቓልል፡ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 104851፡ መወከሲ ቁጽሪ 122099/118863 ብስም ኣዴና ኣቦ ተወልደብርሃን ገብረ፡ ተወልደ ባህታ ጊላሚካኤልን ዝተመዝገበ፡ ናብ ስምና ክንመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝጠልቦ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ኣዳስተርን ኣብ ውሽጢ ወርሒ እንተዘይቀሪቡ፡ ናብ ስምና ከነሰጋግሮ ምኳንና ነፍልጥ።

ወረ/ፍ/ተወልደ ባህታ
ወረ/ፍ/ኣቦ ተወልደብርሃን ገብረ
ወከል ኒያት ሓያሉ ተወልደ

ኣብ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ምም/ኮቢ 02 ጎደና በ/ቁ/ገዛ 1 ቁ/ሎት 1 ብቁ ምስክር ወረቐት 106452 መወከሲ ቁ112848 ብስም ኣቶ ኣብርሃ ወልደጊዮርጊስ ሃብተሚካኤል ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሊብረቶ ናብ ገዛ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺብዮ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዝዮ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁ/07209607 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ኣቶ ኣማኒኤል ኣብርሃ ወልደጊዮርጊስ

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምምሕዳር/ኮቢ ሹቕ ፈረንጂ ብቁ/ፍቓድ ዋኒን GBL00008581 ናይ ጋራጅ ትካለይ፡ ንኣቶ መርሃዊ ተኽለሃይማኖት፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምምሕዳር ኮቢ ሹቕ ፈረንጂ፡ ብዕለት 06/04/2026 ብቁ/መዝገብ 4421924 ብውህብቶ ስለ ዝሃብኩዎ፡ ብስም ወኪት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወህብቶ ተረካቢ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ኣበራሽ ገብረስላሴ

## ምስጋና



ብማስዋእቲ ዘፍቅሮ ብዓል ቤተይ መምህር ተኽለሃይማኖት ተስፋዝጊ ብርሃ (ተኽሊያ) ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩም፡ ካብ ሃገረ ግብጺ ሬሳ ኣብ ምልኣኽ ዝተሓባበርኩም፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዚቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብ መማህራን ጎረባብትን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ፡ የቐንየልና።

ብዓልቲ ቤቱ እምባወርቅ ገብረሂወት፡ ኣሕዋቱን
ምሉኣት ስድራቤትን

## ምስጋና



ብማስዋእቲ ዘፍቅራ ክብርቲ ብዓልቲ-ቤተይ ወ/ሮ ርግኣት ሰለሙን ኣርኣያ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማማ ዝተመላለስኩምን ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዚቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገጽ።

ብዓል ቤታ ኣቶ ክብሮም በየነ ምስ
ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ፍትውቲ ኣዴና ኣብዑት ዘወልዲ ካሌብ፡ ብዓልቲ ቤቶም ግ/ሄር መኮንን ጸጉ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ኩዶ ፈላሲ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ካናዳ ቶሮንቶ ቤት ክርስትያን መድሃኔኣለም ኣብ ፍትሓት ጸሎት ዝተሳተፍኩምን ካብ ውሽጥን ወጻኢን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ኩሉኹም ፈተውቲ መቕርብ ኣዕሩኽን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ንገልጽ።

ስድራ-ቤት ነ/ሄር መኮንን ጸገ

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና ነኽብራ ወላዲትና ደሃብ ብርሃ ቀሺ ዓንደገርግሽ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ምስ ዓረፈት ኣብ 4 ኣስመራ መቓብር ቤተገርግሽ ዚቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻኢን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ዓጺና ኣለና።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣብ ምም/ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ከረን ፕሎት 25 ፓርሰል ኢ ዚፕ ኮድ 1A-176 ብቑጽሪ ገዛ 7/9/11 ዝርከብ፡ ቀንዲ 6 ክፍልታት ተሓጋገዝቲ 4 ክፍልታት ዘለዎ፡ ብቑጽሪ መዝገብ ንብረት 65330-42693 ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 115764 መወከሲ ቁጽሪ 129052 ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብስም ኣቶ መሓመድ ናስር ዝተመዝገበ፡ ካብቲ ክፋል ገዛ ስፍሓት 202 ት/ሜ ስለ ዝሸጥኩ'ሞ ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘየቕረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምኳንና ንሕብር።

መሓመድ ናስር

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. +291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Shift Operations Supervisor**
**Number required – (04)**
**Type of contract – Definite (2 years)**

## Major Duties and responsibilities

- The Shift Supervisor at the Powerhouse is responsible for overseeing the performance of the operational team, ensuring efficient and safe operation of the HFO/Diesel power plant and the associated auxiliary equipment. The role involves supervising the daily control room and field operations, assisting with problem resolution and maintaining a high standard of operational excellence.
- This person will report to the Senior Supervisor Powerhouse and assist with various administrative and supervisory functions.

## TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

- Ensures compliance with quality, health and safety rules, guidelines, and regulations.
- Ensures that subordinate colleagues work safely, assist the supervisor to accomplish inspection of work areas and lead daily Toolbox meetings.
- Oversees the activities of the power plant control room operators and shift operators to ensure adherence to operational protocols as well as safe and efficient plant performance.
- Regularly reviews system data and operator reports to identify potential issues and ensure compliance with performance standards.
- Assists control room operators in diagnosing and resolving operational issues, escalating to senior management as necessary.
- Prepares and submits operational reports to senior power plant supervision, highlighting key performance metrics and areas for improvement.
- Ensures all operations are conducted in accordance with safety regulations and protocols, conducting AMSC safety initiatives and inspections.
- Coordinates shift schedules, ensuring adequate staffing and smooth transitions between shifts.
- Provide training and support to control room operators and shift operators, enhancing their skills and knowledge on the relevant and applicable SOP's.
- Identifying opportunities for operational improvements and working with the team to implement best practices.
- Conducts risk assessments and hazard identification before carrying out any task.

## Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Minimum Technical College Diploma in Electrical/Mechanical trade<br>• Certificate in Plant Operations<br>• Basic Supervisory Course |
| Working Experience – Nature & Length | • Min of 4 years' experience in a supervisory role within a power plant or similar environment<br>• Knowledge of HFO/diesel MAN engines or similar.<br>• Experience in SCADA operated control rooms.<br>• Shift work experience in 24/7 operational environment<br>• Functional communication in English is mandatory. |
| Technical Skills | • Operational knowledge of HFO/ Diesel power plant gensets and related auxiliary equipment or similar plant.<br>• Computer literate.<br>• Ability to diagnose equipment issues.<br>• Analytical skills and Attention to detail.<br>• Decision making and Problem-solving skills<br>• Plan, organize and execution skills.<br>• Train and develop operational staff. |
| Other Skills and Abilities | • Ability to lead and motivate team, make informed decisions and prioritise tasks<br>• Effective communication skills (written and verbal)<br>• Ability to interact with team members and other stakeholders<br>• Ability to manage time efficiently<br>• Strong commitment to Health and Safety regulations |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** definite Period (2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.


- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

(3ይ ክፋል)

*ህዝቢ ኤርትራ፡ ናብቲ ኣብ ሚያዝያ 1993 ዝተኻየደ ልኡላውነቱ ብዕሊ ዘረጋገጸሉ ህዝባዊ ረፈረንዱም ንምብጻሕ፡ ዝሓለፎ መሪር ታሪኽ ብሓጺሩ ንምዝኽኻር፡ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ፡ ብዝብል ኣርእስቲ ጀሚርና፡ ኤርትራ ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ብመግዛእቲ ድሕሪ ምቛማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያን ብሪጣንያን ዘሕለፎ ታሪኽ፣ መግዛእቲ ህንጸት ሃገረ ኤርትራን ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒትን ኣብ ምፍጣርን ምዕኳኽን ዝተጻወቶ ግደ ብምርኣይ፣ ኣብ እዋን ፈደረሽንን ጉበጣን ከምኡ'ውን ፈለማ መድረኽ ብረታዊ ቃልሰን ዝነበረ ምዕባለታት ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦*

# ዝኽሪ ሚያዝያ

## ረፈረንዱም፡ ንሕጋዊ መሰል ናጽነት ኤርትራ ዕላዊ ዝገበረ ዕዙዝ ፍጻመ





ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ዝተገልጸ፡ ኣመራርሓ ናይቲ ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ.)፡ ንሃገራዊ ምትእኽኻብን ምሕያል ሓርነታዊ ቃልሲን ዝሕግዝ ኣይነበረን። እዚ ድኹንምግባር ናይ ህዝቢ ኤርትራ ባህጊ ንናጽነትን ናይ ቃልሲ መንፈስን ምዕቡል መሪሕነት ብምስኣኑ ኣይተዓገተን። ዋሕዚ ኤርትራውያን መንእሰያት ካብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ናብ ሜዳ ብረታዊ ቃልሲ እናበዝሐ፡ ብኡ መጠን ተ.ሓ.ኤ. ምስ ኩሉ ድኻሞታቱ ከም ውድብ እናዓበየ ከደ። ቁጽሪ ተጋደልቲ እናበዝሐ ብዝኸደ ከኣ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ክንዲ ሓደ ጥሙርን ሓያልን ሃገራዊ ሰራዊት ዝፈጥር፡ ነቲ ዝነበረ ተጋዳላይ ብቐቢላዊን ኣውራጃውን ረጃሒታት ከፋፊሉ ብሓሙሽተ ክፍልታት ከምዝቖውም ገበረ።

እዚ ምክፍፋል'ዚ፡ ነቲ ዝጸንሐ ትሕተ-ሃገራዊ ኣተሓሳስባታት ዝያዳ ከምዝዕምቑ ኣብ ርእሲ ምግባሩ፡ ነቲ ሓርነታዊ ኩናት ኣብ ጥርናፈ ዘይብሉ ንኣሽቱን ዝተነጻጸለን ስርሒታት ተሓጺሩ ከምዝተርፍ ገበሮ። ካብ 1961 ክሳብ 1968 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ከኣ ላዕለዋይ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ንጹር ሃገራዊ ፕሮግራም ከይሓዘ ኣድማዒ ፖለቲካዊን ምምሕዳራዊን ቅርጺ ከየቖመ፡ ንጸጋታት ናይቲ ውድብ ኣብ ናይ ጉዳእ ርእሱ ጸቢብ ፖለቲካዊ ጸወታታት የውዕሎ ነበረ። እዚ ኩነታት'ዚ፡ ነቲ ቃልሲ ኣብ ርእሲ ምድኻሙ፡ ስርዓት ሃይለስላሰ ንድኻም ናይቲ ሰውራ መዝመዚ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ኤርትራ፡ ብፍላይ ኣብ ዓመተ 1967፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዘይተኣደነ ግፍዒታትን ጃምላዊ ህልቂትን ክፍጽም ኣኽኢሉ። ብሰንኪ'ዚ ግፍዒታት'ዚ ድማ ካብ ምዕራባዊ መታሕት ኤርትራ ዓሰርተታት ኣሽሓት ህዝቢ ናብ ሱዳን ተሰደ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት፡ ድኻም ናይቲ ሰውራ ዘይተዋሕጠሎም፡ መንእሰያት ተጋደልቲ ንኣመራርሓ ተ.ሓ.ኤ. ክብድህዎ ጀመሩ። ንጸቢብ ትሕተ-ሃገራዊ ምምቕቓል ኺኖም ድማ፡ ስምረት ናይ ኩለን ክፍልታት ናይቲ ውድብ ጠለቡ። በዚ ድርኺት'ዚ፡ ኣብ 1969 ኣቲ ዝነበረ ድኽመታት ንምፍዋስ ዝዕላማኡ ጉባኤ፡ ኣብ ኣዶብሓ ተኻየደ። ጉባኤ-ኣዶብሓ፡ ኣብ ሓሙሽተ ክፍልታት ተመቓቒሉ ዝነበረ ሰራዊት ክሰምር፡ ዝጸንሐ ድኽመታት ንምእራም ጭብጠታት እትእክብ መርማሪት ሽማግለ ክትቐውም፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ግዜ ጉባኤ ክግበር፡ ካብኡ'ውን ዝጸንሐ መሪሕነትን ሓድሽቲን ዝተዋጽኡ ጠቕላሊ መሪሕነት ክቐውም፡ ዝብልን ካልእ ኣገዳሲ ውሳኔታትን ኣሕሊፉ። እዚ ንተ.ሓ.ኤ. ናብ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ውድብ ንምቕያር ዝዓለመ ፖለቲካዊ ምዕባለ ግን፡ ብላዕለዋይ ባይቶ ተ.ሓ.ኤ. ተቐባልነት ኣይረኸበን። በዚ ድማ፡ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶን ሰዓብቶምን፡ ብዙሓት ተጋደልቲ ክኣስሩን ክቕንጽሉን ጀመሩ። እዚ ብቐንዱ ኣብ ልዕሊ'ቶም ንምእራም ዝተንቀሳቐሱ ጭቡጣት ዝቐንዐ ሃድንን ቅንጸላን፡ ናይ ብዙሓት ተጋደልቲ ህይወት ኣኺፊሉ። ገሊ ተጋደልቲ ካብ ሜዳ ኤርትራ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ክሃድሙ ከለዉ፡ ገሊኦም ድማ ካብቲ ውድብ ተፈሊዮም ኣብ በረኻታት ኤርትራ ክሕብኡ ጀመሩ። እዚ ላዕለዋይ ባይቶ ተ.ሓ.ኤ. ዝወሰዶ ናይ ቅንጸላ ስጉምቲ ድማ እዩ፡ ኣብ 1970 ካልኣይ ውድብ ናይ ምምስራት ወጽኢት ኣኸቲሉ፡ ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝወለደ።

**ምህሉታት ሰውራ ድሕሪ ምውላድ ህ.ሓ**

ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ ቅንጸላን ሃድንን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣምሊጦም ካብ ሜዳ ኤርትራ ብዝወጹን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብዝተሓብኡን ሰለስተ ጉጅለታት ተጋደልቲ፡ ማለት ቀዳማይን ካልኣይን ወገን ህዝባዊ ሓይልታትን ዐብልን እዩ ቈይሙ። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ.፡ ነቶም ሓደሽ ውድብ ንምምስራት ዝተንቀሳቐሱ ተጋደልቲ ንምህዳን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ሰፊሕ ዳህሳስ ክንብር ምስ ጀመረ ድማ፡ ንዓመታት ዝቐጸለ ኩናት ሓድሕድ ተወልዐ። ኢትዮጵያ እውን እንተኾነ፡ ቀንዲ ኣተኩሮኣ ናብ ምጭፍላቕ እዚ ሓደሽ ውድብ ኣቕንዓቶ። በዚ ድማ፡ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ብሰራዊት ኢትዮጵያን ተ.ሓ.ኤ.ን እናተሃድኑ፡ ብውሽጢ'ውን እንተኾነ ንሓድነቶም ዝፈታተን ብድሆታት ብምስጋር፡ ህላወኦም ክረጋግጹ ብኣዝዩ መሪርን ጽንኩርን ግዜ ክሓልፍ ተገደደ።

እዚ ከቢድ ፈተነ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ተሪር ሓድነትን ዘይጸዓድ ናይ ቃልሲ ወኒን ክፈጥር ክኢሉ። እዞም ንኹሉ ተጻብኦታትን ከበባታትን ፈንጢሶም ብምውጻእ ካብ ምጽናት ዝሰረሩ ውሑዳትን ተባዓትን ሃገራውያን፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ዝሓለፈ ሃገራዊ ውድብ ፈጠርዎ፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብዙሕ ዓወታት ክቡናጸፉ ጀመሩ። ከም ወጽኢት ናይቲ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ከውርዶ ዝጀመረ ገዚፍ ክሳራ ድማ፡ ኣብ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ንስርዓት ሃጼ ሃይለስላሰ ዝቃወም ናዕቢ ተላዒሉ። እቲ ናይ ሰራዊት ናዕቢ፡ ኣብ ማእከል ኢትዮጵያ ሓያል ተቓውሞን ኣድማን ሲቪል ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ተደሪቦም፡ ኣብ 1974 ውድቀት ስርዓት ሃይለስላሰ ኣኸተሉ።

ብዓወታት ሰውራን ውድቀት ስርዓት ሃይለስላሰን ፍናኑ ዝበረኸ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ 1975 ንኩናት ሓድሕድ ኣትሪሩ ብምቅዋም፡ ስምረት ናይ ሃገራውያን ሓይልታት ጠለበ። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ከኣ፡ ንህዝባዊ ሓይልታት ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክደምስስ ፈቲኑ ምኻኑ ምስ ኣበየ፡ ናብ ዘተን ርክብን ክኣቱ ተደረኸ። የግዳስ ሽዑ'ውን እንተኾነ ኣብ ዕቱብ ልዝብ ኣይኣተወን። ብውሽጡ ደገል ናይ ቅንጸላ ምርጫ ሒዙ፡ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ብሃይማኖታውን ካልእ ትሕተ-ሃገራዊ ኣጀንዳታትን ምክፍፋል ንምፍጣር እናጸዓረ፡ ምቹእ ዕድል ማሰሉ ኣብ ዝተረኽቦ ውግእ እናወልዐ ቀጸለ። ኣብቲ ዝቐደድ ዝነበረ ዘተ ድማ ንቲ ብህዝባዊ ሓይልታት ዝቐረበ ዝነበረ ናይ ስሙር ግንባር ሓሳብ እናተቓወመ፡ ቅልጡፍ ስምረት ብምጥኣብ ንህ.ሓ. ኣብ ውሽጡ ውሒጡ ክሕቅቕ ጻዕርታቱ የካይድ ነበረ። ኩሉ'ዚ መጉዳእታት'ዚ ግን ኣይሰለጠን።

ምስ ውድቀት ስርዓት ሃይለስላሰን ምሕያል ሰውራ ኤርትራን ካብ 1975 ጀሚርዎ ብዙሓት መንእሰያት ንሜዳ ናብ ክልቲኣን ውድባት ክውሕዙ ጀመሩ። ጸሪሑ ግን እቲ ዋሕዚ ብቐንዱ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ዛዘወ። በዚ ድማ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ 1975 ካብ ደረጃ ሓይልታት ሰጊሩ ብደረጃ በጣሎንታት ተወደቡ። ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳቱ ብምጥንኻር ድማ፡ መጥቃዕቲታቱ ኣንጻር ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣጠናኸሮ። ተ.ሓ.ኤ. እውን ኣብዚ መድረኽ'ዚ ንህዝባዊ ሓይልታት ናይ ምቕንጻል ድሌቱ ብማጠሩ ማህማኒ፡ ኣንጻር ሰራዊት ኢትዮጵያ ንኣሽቱ ስርሒታት ከካይድ ጀመረ። በዚ ድማ፡ ዳርጋ ኩሉ ገጠራት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰውራ (ክልቲኣን ውድባት) ኣትዩ፡ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ከተማታት ጥራይ ተሓጽረ።

ኣብ ጥሪ 1977 ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ቀዳማይ ጉባኤኡ ብምክያድ፡ ስሙ ናብ "ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ" ለወጦ። "ሰብን መሬትን በብቑሩብ ሓራ ምውጻእ" ዝብል ታሪኻዊ ውሳኔ ብምውሳድ ከኣ፡ ኣውዳድባ ሰራዊቱ ናብ ደረጃ ብርጌዳት ኣሰጋገሮ። "ገጽላኢ ብበረቱ ብጥይቱ!" ዝብል ጭርሖ እናቓልሐ ድማ፡ ንሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብሓያል መጥቃዕቲታት ክሰዅሮ ጀመረ። ኺ ኺ'ዚ፡ "ሓፋሽ ይንቃሕ! ይወደብ! ይተዓጠቕ!" ኣብ ትሕቲ ዝብል መርሓ፡ ኣብ ሓራ ዘውጸኦ ቦታታት፡ ህዝቢ ናይ ምንቃሕን ናይ ምውዳብን ዝተፈላለዩ ህዝባውያን ማሕበራትን ባይቶታትን ናይ ምቛም ሰፊሕ ፖለቲካዊ ስርሓት ኣካየደ። ልዑል ህዝባዊ ደገፍ ድማ ተጎናጸፈ። በዚ ምዕባለታት'ዚ ዝተሰናበደ ስርዓት ደርግ፡ በቲ ሓደ ሸነኽ፡ ንጉዳይ ኤርትራ ብሰላም ክፈትሖ፡ 'ርእሰ ምምሕዳር ኤርትራ' (ራስ ገዝ) ከምዝቕበል መጸዋዕታ እናቕረበ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣብ ከተማታት፡ ምስ ሰውራ ትደጋገፉ ኢኹም ብዝብል ኣንጻር ሰላማውያን ሰቡት ሰፊሕ ናይ ቅንጸላን ቅትለትን ማእሰርቲን ስጉምቲታት እናወሰደ፡ ንዓድታት ኤርትራ ብፈርቲ ናይ ምድንቡዓብን ምቕጻልን ቀበጽ ተሰፋዊ ስጉምታት ይወስድ ነበረ።

ኣብ ጥሪ 1977 ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ጫፍ ሰሜናዊ ሳሕል ንእትርከብ ሓወሲ ከተማ ቅሮራ ተቘጻጸረ። ኣብ መጋቢት ናይቲ ዓመት'ቲ ድማ፡ ድሕሪ ናይ 6 ወርሒ ከበባ ንርእሰ ከተማ ኣውራጃ ሳሕል ናቕፋ ሓራ ኣውጽኣ። ኣሰዒቡ ንከተማታት ኣፍዓበት፡ ከረን፡ ሰገነይቲ፡ ደቀምሓረ፡ ጊንዳዕ፡ ደንጎሎን ፍርቂ ወደብ ምጽዋዕን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእተወን። ተ.ሓ.ኤ. ብወገኑ፡ ንከተማታት ተሰነይ፡ ኣቑርደት፡ መንደፈራን ዓዲ ኳላን ተቘጻጸረ። ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኣስመራ፡ ዓዲቐይሕ፡ ባረንቱን ዓሰብን ተኸቢቡ ተረፈ። ዓወታት ሰውራን ግፍዒታት ስርዓት ደርግን ተደማሚሩ ድማ፡ መንእሰያት ኤርትራ ብብዝሒ ናብ ሜዳ እናውሓዙ ነቲ ቃልሲ ኣደልደሉዎ። ናጽነት ኤርትራ ዝተቓረበ መሰለ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ንሃገራዊ ስምረትን ሓድነትን ዝጠልብ ጸቕጢ እናሓየለ ስለዝመጸ፡ ኣብ ኣጋ መወዳእታ 1977 ክልቲኣን ውድባት ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ቃልሲ ተወሃሂደን ክሰርሓ ምርድዳእ ዝበጽሓሉ፡ ስምምዕ 20 ጥቅምቲ ተኸተመ።



**ይቕጽል . .**

# ስምና መግለጺ መንነትናን ወለዶታትናን

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)



ቀደም ዘመን ኣሰማት ክወጽኡ እንከለዉ ብዘውሪ ኣይኮነን ዝወጽእ ዝነበረ። ምስ ባህሊ፡ ልምዲ፡ ታሪኽ፡ እምነት ብምትእስሳር'ዩ ዝወጽእ ነይሩ። ዓቢን ዓሚቚን ትርጉም ስለ ዝነበሮ ድማ፡ ሰባት የስተማቕርዎም ነይሮም። ደስ ኢልዎም ንባዕሎም ይጽውዑን ንኻልኦት ድማ ይጽውዕሉን ነበሩ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ግን፡ ተሰሚዖም ዘይፈልጡ ኣሰማት ክትሰምዕ እንከለኻ ኤርትራውያ ኣይኮኑን ክትብል'ውን ትግደድ ኢኻ።

ስም ናይ ነፍሲ-ወከፍ ፍጡር መለለይን መጸውዒን እዩ። ልዕሊ ዝኾነ ድማ ክቡር ኣለዎ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ደቂ-ሰብ ዓቢ ክብሪ ኣለዎ።

ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ዝወጽእ ዝነበረ ኣሰማት፡ ምስ ባህልን ልምድን ዝተኣሳሰር ብምንባሩ፡ ነቲ ካብ ቀዳሞት ወለዶታት እናተሰጋገረ ዝመጽአ መለለዪ ሕብረተ-ሰብና ዝኾነ ኣሰማት፡ ኣብ ምዕቃብ ልዑል ተራ ክጻወት ጸኒሑ እዩ። ሎሚ ግን ኣብ ምዕቃብ መንነትና ይትረፍ ብዓበኡ ኩተድምጾም ዘይትኽእል ትርጉም ኣልቦ ዝኾኑ ኣሰማት ካብ ዝቀላቐሉ ዓመታት ኣቚጺሩ ኣሎ። "ስምካ መን እዩ" ተባሂሉ ዝተሓተተ ቈልዓ'ውን፡ ስሙ ኣብ ምድማጽ ይሸገር ኣሎ። ዓብይቲ ወለዲ ንደቂ ደቆም ክጽውዕዎም እንከለዉ ዝሸገሩሎም ኣሰማት፡ ከም ቅቡላት እናኾኑ ይመጽኡ ኣለዉ። እዚ ከም'ዚ ዓይነት ኣሰማት፡ ከም'ዚ ዘለዎ እንድሕር ደኣ ቀጺሉ፡ ጽባሕ ንግሆ መንነትና ንምፍላጥ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣቦታት ክምስሉ "ስም ይመርሕ፡ ጥዋፍ የብርህ" ይብሉ ነበሩ። ምኽንያቱ፡ ስም መለለዪ መንነት ስለ ዝኾነ። ሓደ ሰብ ስሙ ምስ ዝግለጸ ወዲ ኣየናይቲ ሃገር ምዃኑ ንኽትፈልጥ እቲ ዝቐለለ እዩ። ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚታት ጉፍ ኢሉ ስሙ ንዝለለየካ ወጻእተኛ ድማ እዚ ቻይናዊ፡ ጀርመናዊ፡ ኩባዊ፡ ህንዳዊ፡ ሩሲያዊ፡ ኢትዮጵያዊ፡ ኮርያዊ፡ ዓረባዊ ... ክትብል ኣይትጽገምን።

እዚ ሕጂ ዝመጽእን ዝወጽእን ዘሎ ባዕዳዊ ኣሰማት፡ ከም'ዚ ዘለዎ ብናህሪ ምስ ዝቕጽል ግን፡ እቲ ናይ ብሓቂ መለለዪናን መንነትናን ዝኾነ ኣሰማት ኣብ ሓደጋ ክኣቱ እዩ። ኣሰማት ሰገር ባሕሪ ከኣ፡ ከም መፍለጢና ናይ ምልዋጥ ዓቕሙ ኣዝዩ ልዑል ክኸውን እዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ዝወጽእ ዘሎ ኣሰማት ማእለያ የብሉን። መብዛሕትኡ ድማ፡ ናይ ጸለውቲ ሰባት ማለት ናይ ባዕዳውያን ተዋሳእቲ፡ ስፖርታውያን፡ ጋዜጠኛታት፡ ደረፍቲ፡ መራሕቲ ሃገር... እዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ ግዜ ዝወጽእ ዘሎ ኣሰማት ከም መማዝኒ ምዕባለን ዘመናውነትን ገይርካ ይውሰድ ኣሎ። እዚ ድማ፡ ምልክት ናይ ዘይብስሉ ሰባት እዩ። በዚ ድራኸ'ዚ ድማ፡ እቶም ዓቢን ትርጉም ሓዚሎን ወለድና ተመንጽዮም ዘውጽኡልና ከም ተስፋገርግሽ፡ ተስፋሚካኤል፡ ተኽለማርያም፡ ተኽለሃይማኖት፡ ለተማርያም፡ ጉኑት፡ ዓንደጽዮን፡ ሓድጉምበስ፡ ሃብተማርያም፡ ደብሮም፡ ጉብረመስቀል ... ዝኣመሰሉ ኣሰማት ከም ናይ ብሕቲ ትካላት ሓጺርምን ተቖምቊሞምን ክትርእዮም እንከለኻ ዘርርም እዩ። ንተኽለሃይማኖት ቲኪይ፡ ንተኽለማርያም ቲኤም፡ ንተስፋኣለም ተስ... ። እዚ ድማ ቅቡል ኣሰማትን ምልክት ናይ ስልጣነን ኰይኑ ይቖጽር ኣሎ። ንነዊሕ ዓመታት ምሳኻ ዝተጐዓዘ፡ ዝተጋደለ፡ ዝሰርሐ ሰብ ብገለ ምኽንያት ምሉእ ስሙ ኣብ ትሕተተሉ'ውን፡ እቲ ልክዕ ስም ኣብ ምርቋሕ ምጽጋም ንብር ተርእዮ ኩይኑ ኣሎ። 20 ዓመት ምሳኻ ዝሰርሐ ሰብ፡ ብሰንኪ ሰብበርካ ኣካላትን ፊደላትን ስሙ ምጽዋዕካ እዚ ሰቡብ እዚ ይመጽእ ኣሎ።

ነዚ ዘልዓልኩዎ ኣርእስቲ ዘራጉድ፡ ሓደ-ሓደ ዝዘከርኩዎም ኣጋጣሚታት ወሰ ኩበለልኩም። ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣብ'ለ፡ ሓደ ዓርክና ንሓንቲ ለተጋብር እትብሃል ኣብ ዓዲ ዝፈልጣ መተዓብይቱ ጉርዞ፡ ድሕሪ 7 ዓመት ኣብ ጉደና ሓርነት ጎፍ-ንጎፍ ምስ ተራኸበ፡ "ዋው! ምጥዓም መዓልቲ! መርሓባ ምሕረት ሓፍተይ፡ ኣንቲ ከመይ ኣለኺ" ኢሉ ናይ ናፍቖት ኢዱ ዘርጊሑ ሰላም ኩበላ እንተ በለ፡ "ርሓቐለይ ጥራሕ . . ስማዕዶ ንሽካ! ስመይ ናብ ሚርሲ ከም ዝቐየርኩዎ ኣይትፈልጥን ዲኻ ምሕረት ኢልካ ትጽዋዓኒ" ብምባል ኮርያ ጉዲፋቶ ከም ዝኸደት ናይ ቀረባ ዝኽሪ እዩ። ሓደ 'ምዕቡል ኣተሓሳስባ ኣለኒ' ዝብል መንእሰይ ብዛዕባ ኣስማት ዝምልከት ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ኣኼባ ምስ ተጉበረ፡ ደው ኢሉ ዝተዛረቦ'ውን ናይ ቀረባ ዓመታት ዝኽረይ እዩ። ንሱ "ኣቦሓጐታትናን እኖሓጐታትናን ክንዝክር ተባሂሉም ዝወጽኡ ዘለዉ ኣሰማት፡ ኣነ ብወገነይ ኣይቅበሎምን እየ። ንኣብነት ጉብራይ፡ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ሃንስ፡ ብርሃና፡ ሰላስ፡ ለተኺዳን... ኢልካ ስም ምውጻእ ጉዳኢ እዩ። ሰሚዕኩም ኣለኹም፡ ደቅና ብደቂ ክላሶም ክጸረፉ ይውዕሉ ስለ ዘለዉ፡ ኣሰማቶም የሕፈርዎም ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብ ዕረፍቲ መሊቖም ንገዛኦም ይመጽኡ ኣለዉ" ከም ዝበለ እዝክር።

ስለዚ ከም'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝሰማዕናዮ'ውን፡ ሕሉፍ ሓሊፎም ኣስማትና መላገጺን መጸረፍን ኩይኖም ይርከቡ። ንሓንቲ ኩተኻእሳ ዝደለኻ ሰብ ባህጊ፡ ሉቱ፡ ሃንሰ፡ ስላሲ... እናበልካ ምጽራፍ ልሙድ ኩይኑ ኣሎ። ኣብ ዓለም ካብ ስላሴ፡ ባህጊ፡ ዝዓቢ ነገራት የለን፡ ሓቂ ደዩ ዋላስ ዋዛ ኣይፈልጥን፡ ሓንቲ ዝፈልጣ ዕላል'ውን ኣላ። ሓደ ግዜ፡ ሓደ ሓድሽ መምህር ንተመሃሮ ንዘዘሎም ዕዮ ክፍሊ ኣሪሙ ጥራዞም እናጸውዐ ክመልሰሎም እንከሎ፡ ኣብ ናይ ሓንቲ ጥራዝ ተመሃሪት 'ስላስ' ዝብል ምስ ርአየ፡ ናታ ስም ኣይኮነን ኢሉ ስለ ዝገመቶ ኑታ ጥራዝ ሓፍ ኣቢሉ፡ " ካብኻትኩም ናይ ኣዴኡ ጥራዝ ሐዚዑ ዝመጽአ መን እዩ" ኢልዎም ዝበሃል ዘረባ'ውን ኣሎ። በዚ ይኸውን በቲ ትርጉም ኣስማትና ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሓደጋ ምጽናት ከም ዘለዉ እዩ ዘርእየና። ኣብ ክንዳኦም ክላራ፡ ዊልያም፡ ሻኪራ፡ ሪሃና፡ ክሪስቲያኖ፡ ካካ፡ ሮበርቶ፡ ሳካ፡ ሞሪኖ፡ መሲ...ዝብል ኣስማት ዓብሊሉ ኣሎ። እቲ ዘገርም፡ ትርጉም ናይዚ ኣስማት ፈሊጦም ዘውጽኡዎ ሰባት ኣዝዮም ቁንጣሮ ምዃኖም እዩ። "ኣብታይደስ ካብ ጸጊበን ዝዕንድራ ይዕንድራ ኣለዋ ኢለን ዝዕንድራ ይበዝሓ" ዝብል ምስላ ቀዳሞት ድማ የዘኻኽረና።

ስም ክነጾ መጸውዒ ምዃኑ፡ መግለጺ ሃገራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ባህላዊ፡ ታሪኻዊ ክብርታት እውን እዩ። ብዝይካ ስሕት ኢልካ ንጣር ከም ዋህረር፡ ቅድሚ 35 ዓመታት ዝወጽእ ዝነበረ ኣሰማት ኣብዛም ሕጂ ዝውለዱ ዘለዉ ህጻናት ክትረኽቦ ዝሕሱብ ኣይኮነን። ብፍላይ ኑቶም ንውሑ ዝበሉ ኣሰማት ዘለዎም ሰባት፡ ብጭርቃን እናምሰልካ "ኢይ እገለ ደኣ፡ ስሙ መጠምጠምያ ቅናት ኣደይ ጉዐይ እንድዩ" ኢሎም ብቐጸል ክዛረቡ ሰሚዐዮም ኣለኹ። ዋላ ኣብ ገጠራትና እንተኾኑ፡ ኑቶም ዝሓሹ መበቆላውያን ኣሰማትና ምጥቃም ተጣሒሱ ይርከብ። ሓዲሽ ኣሰማት ከም ምዕባለ ተወሲዱ፡ ከስፋሕፍሕ ይረአ ኣሎ። ሓደ ነቲ ሓደ ምእራም ወይ ዓጉብ ምባል ዛንታ ኩይኑ ተሪፉ።

ሓደ ቈልዓ ምስ ተወልደ ስም ናይ ምውጻእ ምሉእ ሓላፍነት ንስድራ እዩ ዝግደፍ። ዝመረጽዎ ስም ከውጽኡ ከኣ መሰል ኣለዎም። እዚ መሰል'ዚ ግን ካብ መንነትን ባህልን እምነትን ታሪኽን ሕብረተ-ሰብና ዝረሓቐ ምስ ዝኸውን ዘሰዕቦ ሃሰያ ቀሊል ኣይኮነን። መሰልካ ስለ ዝኾነ ትርጉም ዘይብሉ ምልጣፍ ኣብ መጻኢ ብደቅኻ ክትወቀሰን ክትክሰሰን ምንባር እዩ። ቅድሚ ናጽነት "ኢትዮጵያ" ብዝብል ስም ዝጽውዑ ዜጋታት ነይሮም እዮም። ኤርትራ ሓራ ምስ ወጸኣት ግን ብዙሓት ስሞም ቀይሮም እዮም።

ብተወሳኺ፡ ስም ክንጾ ባህላውን ሃይማኖታውን ነገራት ታሪኻውን መድረኻውን ትርጉም'ውን ኣለዎ። ኣብ እዋን ናጽነት ናይ ዝተወልዱ ቈልዑ ኣሰማቶም እንተደኣ ተዓዚብና ምስቲ መድረኽ ዝኸዱ እዮም። ሓርነት፡ ናጽነት፡ የሃና፡ ብስራት፡ ቀሳነት፡ ሰላም፡ ራህዋ፡ መርሃዊት፡ ወጋሕታ፡ ሐርያ፡ ፍረ-ቃልሲ፡ ፍረሰውራ፡ ዓወት... ዝብሉ ኣሰማት ክንረክብ ግድን እዩ። ብትኽክል ድማ ነቲ ሃገርና ኤርትራ ዝረኸበቶ ናጽነት ዘመሓላልፍዎ ረዚን መልእኽቲ ኣለዎም። እንተ እዚ ሎሚ ዝበቖልን ዝጡበቖን ዘሎ ኣሰማት ክንጾ ባህላዊ ወረር ምዃን ሓሊፉ ካልእ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ የብሉን።

ህጻን ተወሊዱ ስም ኣብ ዝወጸሉ እዋን ዋላ'ኳ ውሳነ ናይ ክልተ ወለዲ ይኹን መብዛሕትኡ እዋን ኣዕሩኽ ቤተሰብ ኣሰማት ከም ዝረቐሑ ንፈልጥ ኢና። እዚ ኣብ'ቲ ዝወሃብ ስም ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ። ኣብ'ዚ ጉዳይ ስድራቤት ናይቲ ቈልዓ ጥራሕ ዘይኮኑስ ሕብረተ-ሰብ'ውን ተሓታቲ እዩ። "ትርጉም ስም ጓልካ ወይ ወድኻ እንታይ እዩ" ተባሂሎም ዝምልሱ ወለዲ ውሑዳት እዮም። ብሓፈሻ ግን እቲ ብመቐርብ ዝወሃብ ሕርያ ኣሰማት፡ ቅድሚ ምጽዳቑ ትርጉሙን መበቆሉን ብደቂቕ ምመያ ክግበረሉ ይግባእ። እቲ ስም ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝርከብ እንተደኣ ኩይኑ ከኣ ትሓተሉ፣ ካልእ ትርጉም ዘለዎ ኩይኑ ክጸንሓካ ስለዝኽእል። ስለ'ዚ ንደቅና ስም ኣብ እነውጽኣሉ እዋን ከይተሃወኽና ትርጉሙ ፈሊጥና ክነውጽኣሉም ሓላፍነትና እዩ። ምኽንያቱ ኣስማትና ንእንታይነትና ስለዝገልጹ።



ስም ሓንሳብ ምስ ወጸ ንዘልኣለም ዝነብር መለለዪ ሓደ ሰብ እዩ። ዋላ'ውን እቲ ሰብ ምስ ሞተ ስሙ ኣይመውትን እዩ። ስሙ ብደቂ-ደቁ ንወለዶታት ይለዓል። ከም ሰባት ንኣስማት ስድራቤቶም ከም መሐበሪን መኹርዕን'ውን ይጥቀምሉ እዮም። ስለ'ዚ ሓደ ብተልዓሸ ዝተወሃበ ስም፡ ክንጾ'ቲ ቈልዓ ዘሕድረሉ ስክፍታታት ንእንታይነት ናይቲ ሕብረተ-ሰብ'ውን ስለ ዝገልጽ ዘስዕቦ ዕንወት ብዙሕ እዩ።

ካልእ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን እናተረፈ ዝመጽእ ዘሎ ኣሲያይማ'ውን ኣሎ። ስም ናይ ኣቦሓጐኻ፡ መቃልስትኻ፡ መማህርትኻ ንውሉድካ ምሲያም እዩ። እዚ እቲ ዝዓበየ መንነት ሓደ ሕብረተ-ሰብን ሃገርን ኣብ ምዕቃብ ዓቢ ተራ ኣለዎ። ብፍላይ ኣሰማት ናይ ትፈትዎም ምእንቲ ሃገርን ህዝብን ዝተበጀዉ ጀጋኑ፡ መቃልስቲ፡ መማህርቲ፡ ኣዕሩኽ... ኣብ ምሲያም ክድፋኣሉ ዘለዎ ልምዲ እዩ። በኛ ሃገር ዝሓለፉ ጀጋኑ ኣሰማቶም ኣብ ደቅኻ ምውጻእ ዓብይቲ ረብሓታት ዘለዎ እዩ። በቲ ሓደ ኣሰማት ጀጋኑ ይዝከሩ፡ በቲ ካልእ ድማ መበቆላዊ ኣሰማትና ቀጻልነት ይህልዎ። እዚ እንበሎ ዘለና ክንጾ ኣብ ሰባት፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርትና'ውን ተሰይሙ ኣሎ - ጸቡቕ ስጉምታት እዩ። ቤት ትምህርቲ ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ኢብራሂም ሱልጣን፡ ሳልሕ ጠጠው፡ በርሀ ጻዕዱ፡ እድሪስ ዓዋተ...።

ካልእ ሓደ-ሓደ ግዜ እትዕዘቦ ኣብ ናይ ገለ ሰባት ዝወጽእ ኣሰማት ኣሎ። ታሪኽን ቀያን ጀግንነትን፡ ዓቢ ታሪኽ ዝተፈጸመሉ ቦታታት ኣብ ስም ደቅኻ ምውጻእ ዘኹርዕ ንምዕራፉ ማህደር ታሪኽናን መንነትናን ዘዘኻኽር እዩ። ከም ኣብነት ደንደን፡ ሓሬና፡ ሰንሒት፡ ሰምሃር፡ ናቕፋ፡ እምባዘራ፡ ኣልጌና፡ ሳዋም፡ ሳሊና፡ መረብ፡ ባርካ፡ ሮራ፡ በዩሉል፡ ዛራ፡ ኦማል፡ ዳህላክ...ምዝኽር ይከኣል። ካልእ ንሕሉፍ ታሪኽና ንምዝኽርን ንምግላጽን ዝወጽኡ ኣሰማት'ውን ኣለዉ። መትከል፡ ፈንቅል፡ መሪሕ፡ ዝናር፡ ዕርዲ፡ ኣርማና፡ ታሪኽ፡ ሰደ፡ ሕድሪ፡ ዋርሳይ፡ ይከኣሎ፡ ደጀን፡ ጸግዓት፡ ሃገር . . . ።

ብዚይ ምግናኑ፡ እቶም ብናይ ምዕራባውያን ባህልን ልምድን ክጽለዉ ዝኽእሉ ኣብ ደገ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ንደቆም ዘውጽኡሎም ስም ምስቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝወሃብ ዘሎ ኣሰማት ክነጻጸር እንከሎ በንጻሩ እዩ። ብናይ ኤርትራዊ ክብርን መንነትን ኣሰማት ደቆም ዝረቐሑ ሰባት ቡዮም ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘለዉ ዜጋታትና ዘይኮኑስ ቡዮም ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ዝዘውትር ዘሎ እዩ። እቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ግን ንባህልናን ክብርናን ዘንጸባርቑን ዝገልጹን ኣሰማት ጉዲፍና፡ ትርጉሙ ዘይንፈልጦን ዘይውክለናን ኣብ ዝሓለፉ ወለዶታትና ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ኣሰማት ነዘውትር ኣለና።

ናይ ገለ-ገለ ሰባት ዝወጽእ ዘሎ ኣሰማት ከኣ'ሞ፡ ስም ናይዘን ኣብ ወርሒ-ወርሒ ዝቀያየራ ዘለዋ ዓይነት ሞባይላት ኩይኑ እዩ ዝስመዓኒ። ስለ'ዚ፡ ወለዲ፡ ጎረቤት፡ መቕርብ ብዓቢኡ ድማ ሕብረተ-ሰብ፡ ነዚ እናሳዕረረ ዝኸይድ ዘሎ ኣሲያይማ ኣብ ምምእዛኑ ተራኦም ክዕዝዙን ዓጉብ ክብሉን ይግባእ።

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ብጽሕና

### እኹል ሰብ ዝገብረና ረቛሒ እንታይ እዩ፧ ዕድመ፡ መርዓ፡ ውላድ…፧

እናሓጎታትና ብንኡስ ዕድመኦን እየን "ትብጻሕኩም" ዝብሃላ ነይረን። "ባዕልና ከነዕብያ፡" ኢሎም ዝወሰዱወን እንዳ ሓሙ ከኣ ክሳዕ 12 ዕድመአን፡ ዕድል እንተ ገይረን ከኣ ክሳዕ 16 ዕድመአን ይጽመሙወን። ካብኡ ንደሓር ግን ናብ ሓዳርን ቈልዑን እየን። ኣቦሓጎታትና'ውን ካብአን ብቑሩብ እዮም ዝዓብዩ እምበር ንሳቶም'ውን በዚ ናይ ሕጂ መለክዒ ብጽሕና ናኣሽቱ እዮም። ከምዚ ሕጂ ኣብ ሕጊ ሰፊሩ ትሕቲ 18 መርዓ ክልኩል ኣይነበረን። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ደቂ 18 ድሮ ሰለስተ ቈልዑ ዘለዉዋ ዝሰደረት ስድራ እዮም ዝመርሑ ነይሮም። ዋላ ደኣ ልዕሊ ዕድመኦም ሓላፍነት ይወሃቦም፡ ዳርጋ ኩሎም ብግቡእ ይዋጽኡዎ ነይሮም። መርዓ ትሕቲ ዕድመ ሳዕቤኑ ተገንዚብካ ጭካነ ዘሎዎ ውሳነ ይመስል እዩ። እንተኾነ ነቲ ውሳነ ክውስኑ ዘገድዶም ምኽንያት ነይሩ እዩ። ሓደ ካብቲ ምኽንያት ዕምሪ ሰብ ሓጺር ምንባሩ እዩ። ኣብ 1900 ብዓለም ደረጃ ዕምሪ ሰብ ብገምጋም 32 ይበጽሕ ነይሩ፣ ኣብ 2021 ብዝተኻየደ መጽናዕቲ ዕምሪ ሰብ ናብ 76ን ልዕሊኡን በሪኹ። ሕጋዊ መርዓ ከኣ ካብ 18 ንላዕሊ



ኮይኑ ይርከብ። ትርጉም ብጽሕና ወይ እኹል ሰብ፡ ካብ ሕብረተሰብ ናብ ሕብረተሰብ ዝተፈላለየ ይኹን እምበር፡ 'ዕድመ' ናይ ሓባር መዐቀኒ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ፣ ገና'ውን ከም መዐቀኒ ይቕጽል ኣሎ። ንኣብነት፡ ሕጋዊ ተሓታትነትን መሰለን ዕድመ ከም መዐቀኒ ብጽሕና ይወስዶ።

እቲ ካልኣይ መዐቀኒ ብጽሕና፡ ማሕበራዊ እምነ ምዕራፍ እዩ። ሕብረተሰብና መርዓ ከም ዓቢ መዐቀኒ እኹል ሰብ ይወስዶ። ብፍላይ ንጓል ኣንስተይቲ ክንዮ መዐቀኒ ናይ ብጽሕናኣ፡ ከም መግለጺ ክብራን ክብሪ ስድራኣን እዩ ዝርአ። "ዘኣኽለት ጓልካ ንዝብኢ ሃባ፡" ዝተባህለ'ውን ማሕበራዊ ጽንኩርነት እዚ ዛዕባ ኣብ ግምት ብምእታው እዩ። ድሕሪ መርዓ፡ ሓዳርካ ምፍላይን ዝፈልጥ፡ ዘኽብርን ዘማእዝንን ከም እኹል ሰብ ክብርን ባይታን ይወሃቦ።

ንኣኻ ዝመስሉ ውሉድ ምምጻእን፡ መመላእታ ናይቲ ትጽቢታት እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ብሰንኪ ማሕበረ ቊጠባዊ ብድሆታን ኣብ ትምህርትን ስራሕን ንነዊሕ ግዜ ምጽማድን፡ ማሕበራዊ ትጽቢት ኣብ ግዜኡ ክፍጸም በዳሂ ኮይኑ ይርከብ። ነዚ መዐቀኒ ብምልኣት ክትፍጽም ዘይምኽኣል ከኣ ዋላ ብዕድመ ተመኲሮን እኹል ሰብ ዝበጽሖ ብጻሕ ዝጐደለ ረቛሒታት ስለ ዘሎ ግን እኹል ሰብ ኮይኑ ከም ዘይሰምዓካ ይገብር። ተመርዕዩ ዝወለደ ሰብ፡ ምስ ስድራኡ ዝነብር ምስ ዝኸውን፡ ዋላ ድኣ እኹል ሰብ ዘብል ብዙሕ ረቛሒታት ይሃልዎ፡ ዝጐድሎ ስለ ዘሎ ንነብሱ ከም እኹል ሰብ ክርእያ ክሽገር ይኽእል።

#### እኹል ሰብ ኣብ 21 ዘመን

ትርጉም እኹል ሰብ፡ ብዝተፈላለየ ረቛሒታት ስለ ዝጽሎ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምሉእ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ክቕየር ንቡር እዩ። ሎሚ'ኸ እኹል ሰብ እንብሎ ከመይ ዝበለ እዩ፧ መዓስ እዩ ዝኣኽልና ኮይኑ ዝስምዕና፧ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ነዚ ሕቶታት ንምምላስ ንሳላሳ ዓመታት ዝቐጸለ መጽናዕቲ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብቲ መጽናዕቲ 17,000 ውልቀሰብ ተሳቲፎም፣ ትሕቲ 25 ሚእታዊት፡ መርዓን ውላድን መዐቀኒ እኹል ሰብ ምዃኑ ከም ዝኣምኑ ገሊጾም። ልዕሊ 57 ሚእታዊት ከኣ ስራሕን ሞያን መዐቀኒ ከም ዝወሰድዎ ገሊጾም። ስለዚ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ትርጉም ብጽሕና ካብ መርዓን ደርዓን ናብ ስራሕን ሞያን ገጹ የብል ምህላዉ የርእየካ። ትርጉም ብጽሕና፡ ክሊ ዕድመ ከም ዝጽልዎ'ውን እዚ መጽናዕቲ ይሕብር እዩ። ኣብ ክሊ ዕድመ 30-45 ዝረከቡ ዝበዝሑ ተሳተፍቲ እቲ መጽናዕቲ፡ መርዓን ውላድን ከም መዐቀኒ ክወስድዎ እንከለዉ፡ እቶም ዝያዳ ናብ ስራሕን ሞያን ዝዛዘዉ ተሳተፍቲ ከኣ ትሕቲ 30 ዝዕድመኦም ኮይኖም እዮም ጸኒሖም። ስለዚ ኣብቲ ክንሰርሓሉን ብሞያ ክንዓብየሉን እንደሊ ዕድመ መዐቀኒናን ስራሕን ሞያን ይኸውን። ስራሕን ሞያን ምስ ሓዝና ከኣ ናብ መርዓን ደርዓን ነብል ማለት እዩ። ኣብቲ ዝተገብረ መጽናዕቲ 80 ሚእታዊት፡ ነብሰ ምሕደራ፡ ሓላፍነት ምስካምን ናይ ምውሳን ሓርነትን መዐቀኒ እኹል ሰብ ኢሎም ከም ዝኣምኑ ሓቢሮም። ኣብ መደመደምታ፡ ኣብዚ ዘመን'ዚ ዝበዝሐ ሰብ ከም መለክዒ ዝወስዶ ረቛሒ ኣእምሮኣዊ ብስለት ከም ዝኾነ እቲ መጽናዕቲ ይጠቅስ።

## ባህርያዊ መዐቀኒ እኹል ሰብ

**ዕላማ-** ኣብ ግዜ ቊልዕነት ዘይተኣደነ ባህግን ጸዓትን እዩ ዘሎና። ምስ ዕድመን ተመኲሮን ምድላብ ግን እንደልዮ ነገር ብመንጽር ዘሎና ሓይሊ፡ ጸጋ፡ ድኽመትን ብድሆን ተኽእሎኡ ገምጊምና ክንወቕዖ እንደሊ ዕላማ ነቐምጥ። ኣብ ህይወት ክንበጽሖ እንደሊ ዕላማ ብንጹር ኣብ እንፈልጠሉን ብዘይ ናይ ካልእ ሰብ ድፍኢት ዕላማና ንምብጻሕ ክንጽዕር ኣብ እንጅምረሉ ግዜ፡ ከም እኹል ሰብ ክንቊጸር ንኽእል።

**ብስለት-** ብስለት ኣተሓሳስባ ምስ ምሕደራ ስምዒት ቀጥታዊ ዝምድና'ዩ ዘሎዎ። ሓሳብ ካልእ ሰብ ናይ ምስማዕን ምኽባርን፡ ብህድኣት ናይ ምሕሳብ፡ ጌጋኻ ናይ ምቕባልን ምእራምን ክእለት፡ ወዘተ ከም እኹል ሰብ ክቝጸረና ይኽእል።

**ሓላፍነት ምስካም-** ኣብ ሕብረተሰብና ሓላፍነታዊ ምዃን ዳርጋ እቲ ቀዳማይን ዝዓበየን መዐቀኒ እኹል ሰብ'ዩ ክብሃል ይከኣል። ትጽቢታት ሕብረተሰብ ከተማልእን ንኻልኦት ክትኣልን ክተማእዝንን እንተ ዘይክኢልካ፡ ዕድመ ብዘየገድስ ካብ ቈልዓን ኮተቴን ፈልዩ ኣይርእየካን እዩ።

**ነብሰ ምምሕዳር-** "ነብሱ ከመሓድር ዘይክኣለ ንመን ከምሓድር እዩ፡" ክበሃል ሰሚዕና ንኸውን ኢና። ኣብ ሕብረተሰብና እኹል ሰብ ምዃንካ ከተርኢ እንተ ደሊኻ ህይወትካ ከተመሓድር ትኽእል ምዃንካ ከተርኢ ኣሎካ። ትውስኖ ውሳነታት ካብ ጽልዋን ተጽዕኖን ካልእ ሰብ ሓራ ድዩ፧ ወልፍታት ኣሎካ ድዩ፧ ብኣብነት ትመርሕዶ፧ ዝብሉ ሕቶታት ከም መዐቀኒ እኹል ሰብ ክውሰዱ ይኽእሉ።

**ምሕደራ ስምዒት-** ሓደ ካብቲ ንቈልዓን ኮተቴን ካብ እኹል ሰብ ዝፈልዮ ረቛሒ፡ ስምዒቶም ናይ ምቊጽጻር ክእለቶም እዩ። ስምዒት፡ ናይ ምሕሳብን ምውሳንን ክእለት ብኣሉታ ይጸሉ'ዩ። እኹል ሰብ ዝበሃል እምበር ብስምዒት ዘይኮነ ብርትዒ ክውስን ዝኽእል እዩ።

**ምብህሃል-** ናይ ምብህሃል ክእለት፡ ናይ ምዝራብ ክእለት ጥራይ ኣይኮነን ዘጠቓልል። ኣብዚ ዛዕባ'ዚ ከም መዐቀኒ እኹል ሰብ ዝሕሰብ ክእለት ምዝራብ ዘይኮነ፡ ጽን ኢልካ ናይ ምስማዕ ክእለት እዩ። ከም ካልኣይ መዐቀኒ ከኣ ኣበይ፡ መዓስን ብኸመይን ንዛረብ ምፍላጥ እዩ። ኣብ ዘደለዮ ግዜ፡ ከባቢኡ ከየንበበ፡ ዝተራእዮ ዝዛረብ ሰብ ከም ቈልዓ'ዩ ዝቑጸር። ስለዚ ጥበብ ምዝራብ'ውን ቀሊል ሚዛን ኣይኮነን ዘሎዎ።

**ድልዱል ማሕበራዊ ዝምድናን ተሳትፎን-** እኹል ሰብ ድልዱል ማሕበራዊ ዝምድናን ተሳትፍትን ብምምስራት ሓያልን ጸላውን ክኸውን ሕብረተሰብ ይጽበዮ። በዚ መንጽር ከኣ ንሕብረተሰቡ ብግቡእ

**ስራሕን ሞያን-** ባህሊ ስራሕ ብርክት ዝበለ እወታዊ ባህርያት ከነዕቢ ይሕግዝ። ጐድኒ ጐድኑ ከኣ ቊጠባዊ ኣገዳስነት ኣሎዎ። ወለድና፡ መጻምድቲ ክንመርጽ እንከለና፡ "ወፊሩ ይኣቱ ድዩ፧" ኢሎም ይሓቱ እዮም። እዚ ከኣ ስራሕን ሞያን መዐቀኒ ከም ዝወሰድዎ ዘመልክት እዩ።

**ፋይናንሳዊ ንቕሓት-** ስራሕን ሞያን ብቑጠባ ነብስኻ ኣብ ምኽኣል ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ብተወሳኺ፡ ንሎሚ ጥራይ ዘይኮነ ንመጻኢ ሓሲቡ፡ ገንዘብ ከዋህልል፡ ምንጪ እቶቱ ከበርክትን ጸጋታቱ ንምርባሕ ገንዘብ ከውፍርን ዝጽዕር ከም እኹል ሰብ ክቑጽር ይኽእል።

**ተገዳስነት ኣብ ጥዕና-** ኣገዳስነት ጥዕና ዋላ ድኣ ካብ ናኣሽቱና ንመሃሮ፡ ብመረዳእታ ጥዕናና ክንሕሉ እንጅምር ግን ምስ ዓብና እዩ። ኣመጋግባና ክንሕሉ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ከነዘውትርን ካብ ጐዳኢ ወልፍታት ክንእለ ምስ እንጅመር፡ ናብ ምእካል ደረጃ ንድይብ ከም ዘለና ከመልክት ይኽእል።

**ነብስኻ ናይ ምዕባይ ተበግሶ-** እኹል ሰብ ክኾኖ ዝግብኦን ዝደልዮን ዝፈልጦን ንምብቃዕ ዝጽዕርን እዩ። ትምህርቲ፡ ሞያን ዕድላትን መወዳእታ ከም ዘይብሉ ዝኣምንን ብዝተኻእሎ መጠን እቶቱ ከዕቢ ዝጽዕርን፡ እኹል ሰብ እዩ ክንብል ንኽእል።

## ሓንጐል እኹል ሰብ ከመይ ይመስል፧

ሓደ ካብ መዐቀኒታት እኹል ሰብ፡ ኣእምሮኣዊ ዕቤት እዩ። ኣእምሮኣዊ ዕቤት ምስ ዘይውሕስ፡ ባህርያውን ማሕበራውን ምዕባለ ክህሉ ስለ ዘይክእል፡ ኣእምሮኣዊ ዕቤት መሰረታዊ መዐቀኒ እዩ ክብሃል ይከኣል። ሓንጐል ሰብ ኣብ ፈለማ ቊልዕነት (2-3 ዕድመ)፡ ኣስታት 90% ምዕባለ የርኢ። እዚ ኣብ ንኡስ ዕድመ ዝብጻሕ ደረጃ ምዕባለ ምስ ትሕተ ቅርጽን ዕቤት ዋሃዮታት ሓንጐልን ዝተኣሳሰር እዩ። እቲ ዝተረፈ ንምሉእ ዕድመና ዝቕጽል ምዕባለ ከኣ ምስ ምትእስሳራት ዋሃዮታትን ካልእ ንጥፈታት ሓንጐልን ዝተሓሓዘ እዩ። ሓንጐል ሰብ ምሉእ ምዕባለ ዝበጽሓሉ ውሱን ክሊ ዕድመ ክትጠቅስ ኣሸጋሪ እዩ። ይኹን እምበር በብደረጃኡ ክሳዕ 65 ዕድመና ምዕባለ እናኣርኣየ'ዩ ዝኸይድ። ድሕሪ 65 ዕድመ'ውን ምዕባለኡ ይቕጽል እዩ፣ ግን ብዝተፈልየ ኣገባብ። ድሕሪ 65 ዕድመ፡ ገለ ክፋል ሓንጐልና ምዕባለኡ ክድረትን ክኣርግን ይርእ። ገለ ክፋል ከኣ ምዕባለኡ ይቕጽል። እዚ ግን ምስ ተወርሶ፡ ቅዲ መነባብሮን ኵነታት ጥዕናን ክውሰኽ ወይ ክጐድል ይኽእል። ሓንጐል ሰብ ኣብ ክሊ ዕድመ 20-39 እኹል ግዝፈን ምትእስሳር ናይ ዋሃዮታት ሓንጐልን የማዕብል። ሓንጐል እኹል ሰብ ዘሎዎ ብቕዓት ምስ እንዕዘብ፤



- ኣዕጋቢ መጠን ምትእስሳር ዋሃዮታት ሓንጐል፣
- ብቑዕ ዝኾነ ንጥፈታት ዋሃዮታት ሓንጐል፣
- ዝማዕበለ ደረጃ ብልሕን ንጥፈታት ሓንጐልን፣
- ኣዕጋቢ መጠን ምሕደራ ስምዒት፣
- ዝማዕበለ ግድል ናይ ምፍታሕ ክእለት፣
- ዝሓሸ ናይ ምውሳን ብቕዓትን ካልእን ይውንን።

ምዕባለ ሓንጐል ብብርክት ዝበለ ረቛሒታት ይጽሎ እዩ፣ ኣመጋግባ፡ ኣከባብያዊ ኵነታት፡ ትምህርቲ፡ ተመኲሮ፡ ወዘተ። በዚ ምኽንያት ገለ ሰባት ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ብሱላትን ሓላፍነታውያንን ይኾኑ፣ ገለ ከኣ ምስ ዕድመኦም ዘይከይድ ውሱን ንጥፈታትን ንዕዘበሎም። እኹል ሰብ እምበኣር ከም እኹል ሰብ ክሓስብ፡ ክውስንን ክነብርን ዝኽእል እዩ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## “ኲናት ኢራን ደው ንምባል፡ ዝተወሰነ ግዜ የለን” ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ኣንጻር ኢራን ከተካይዶ ንዘጀመረቶ ኲናት ደው ንምባል፡ ዝኾነ ናይ ግዜ ገደብ ከም ዘይተሰረቶ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ብ28 ለካቲት፡ ሃገሩን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ድሕሪ ዝጀመራኦ ልፍንታዊ መጥቃዕቲ፡ እቲ ኲናት ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሓሙሽተ ሰሙናት ክጸንሕ ምኽኣሉ ክሕብር እኳ እንተነበረ፡ ዝሓለፈ ወርሒ



ከኣ እቲ ኲናት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክዛዘም ከም ዝኽእል ምሕባሩ ይዝከር።

ንሱ፡ ንማዕከን ዜና “ፎክስ ኒውስ” ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ግን፡ ሃገሩ ነቲ ኲናት ደው ንምባል ዝኾነ ናይ ግዜ ገደብ ከም ዘይተቐምጥ ድሕሪ ምሕባር፡ ዕላማኡ ዚጋታቱ ኣብ ዝዋግኡሉ ስምምዕ ንምብጻሕ ክሳብ ዝኾነ ኣዋጊዕ ደው ንምባል ከም ዘይህወኽ ገሊጹ።

ዝሓለፈ ሰሉስ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ወደባት ኢራን ዘጽደቖ እገዳ ከም ዘለዎ ከቕጽል፡ እቲ ምስ ጣህራን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ግና ንዘይተወሰነ እዋን ክናዋሕ ከም ዝወሰነ ምንጭታት ይሕብሩ።

ወሳኒ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ኣሜሪካን ዝተበጽሐ ንኽልተ ሰሙናት ዝቐጸለ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ክበቅዕ ሰዓታት ጥራይ ምስ ተረፎ እዩ ተዋሂቡ።

## ሕ/ኤውሮጳ፡ ንዩክሬን 106 ቢልዮን ዶላር ክለቅሕ ወሲኑ

ሕብረት ኤውሮጳ ንዩክሬን 106 ቢልዮን ዶላር ብመልክዕ ልቓሕ ክህባ ኣብ ልዕሊ ፈደረሽን ሩሲያ ከኣ መበል



20 ዙርያ እገዳ ከጽድቕን ከም ዝወሰነ ተሓቢሩ።

ምክትል ፕረዚደንት ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳ ካጃ ካላስ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ‘ኤክስ’ ኣብ ዘዘርገሐቶ ሓበሬታ፡ ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ዘካይዶ ዘሎ ኲናት ክሳዕ ምኽኣሉ ክሳብ ዝኸውን፡ እቲ ሕብረት ንዩክሬን ኣድላዪ ዝበሎ ሓገዝ ክቕርብ ምኳኑ ገሊጻ።

ብመሰረት እቲ ተዋሂቡ ዘሎ ሓበሬታ፡ ካብቲ ንዩክሬን ክወሃብ ተወሲኑ ዘሎ ግዙፍ መጠን ልቓሕ፡ 35 ቢልዮን ዶላር ኣብ ምድጋፍ ቁጠባ ናይታ ሃገር ክውዕል እንከሎ፡ 70 ቢልዮን ዶላር ከኣ ኣብ ምዕባይ እቲ ኣብ ኢንዱስትሪታት ምክልኻል እተካይዶ ወፍሪ ክውዕል እዩ።

ሃንጋሪን ስሎቫኪያን ግና ነቲ ቡቲ ሕብረት ዝቐረበ ናይ ልቓሕ ውሳኔ ክሰማምዓሉ ብዘይምኽኣለን፡ ዩክሬን ነቲ ዝተወሰነላ ገንዘባዊ ልቓሕ ኣብ ግዜኡ ክትረክቦ ከም ዘይከኣለት እዩ ዝፍለጥ።

## ፊንላንድ፡ ወጻኢታት ምክልኻል ናብ 3.2% ክብ ከተብሎ ወጢና

መንግስቲ ፊንላንድ፡ ኣብ 2030፡ 3.2 ሚእታዊት ካብ ጽምላዊ ሃገራዊ እቶቱ፡ ወጻኢታት ምክልኻል ንምሽፋን ክውዕሎ ከም ዝወሰነ ኣፍሊጡ።



ኲናት ሩሲያ - ዩክሬን ኣብ 2022 ድሕሪ ምጅማሩ፡ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ንፊንላንድ ኣብ ምክልኻል ንእትገብሮ መጠን ወጻኢታት ክብ ከተብል ስለ ዝገደዳ፡ ቁጠባኣ ከም ዝተሃስየ እዩ ዝሕበር።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ 2025፡ ፊንላንድ 2.5 ሚእታዊት ካብ ጽምላ ዘቤታዊ እቶታ ኣብ ጸጥታ ምክልኻል ወዒላ።

ኔቶ፡ ኣብ 2035፡ ኩለን ኣባላቱ 3.5 ሚእታዊት ካብ ጽምላ ሃገራዊ እቶተን ንምክልኻል ክውዕላ ዝገድድ ውጥን ኣዳልዩ ምህላዉ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

እቲ መንግስቲ ፊንላንድ ኣብ 2030 ክተግብሮ ወጢንዎ ዘሎ ወሰኽ ወጻኢታት ምክልኻል፡ ናብቲ ብኔቶ ዝተወጠነ መደብ ንምቕራብ ዝዓለመ ምኳኑ ይግለጽ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ናይታ ሃገር ፔተሪ ኦርፖ፡ ኣብ ቀረባ እዋን እቲ ንምክልኻል ተባሂሉ ዝተሰልዐ ገንዘብ፡ ኣብ ምምልማል ወተሃደራት፡ ኣብ ምሃብ ስልጠናታት ንዕቑር ሰራዊት፡ ከምኡ’ውን ኣብ ምፍራይ ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ነገራትን ከም ዝውዕል ኣፊሩ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ መንግስቲ ናይታ ሃገር፡ ኣብ ጥዕናን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዝውዕል ዝነበረ ባጀት ክኸኪ ከም ዝወሰነ ተገሊጹ።

ብዘወሳኺ፡ ፊንላንድ፡ ኣብ 2026፡ ካብ 90 ሚእታዊት ጽምላ ሃገራዊ እቶታ ክዛይድ ትጽበ.ት ዝኾበረሉ መጠን ዕዳኣ ንምኽባይ ኣድላዪ ስጉምትታት እኳ እንተ ወሰደት፡ ክትዕወተሉ ግን ከም ዘይከኣለት እዮም ምስቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዘመልከቱ።

## ዴንማርክ - ክልተ ባቡራት ብምግጫወን 17 ሰባት ቆሲሎም

ትማሊ ሓሙስ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ከተማ ኮፐንሃገን - ዴንማርክ፡ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ኣንጻር ኣንፈት ሐዘን ዝጉዓዛ ዝነበራ ክልተ ባቡራት ድሕሪ ምግጫወን፡ 17 ሰባት ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ።



ካብ’ቶም መቑሰልቲ ዚጋጠሞም ተሳፈርቲ ሓሙሽተ ሰባት ኣብ ኣዝዩ ኣሰካፊ ኩነታት ከም ዝርከቡ’ውን ፖሊስ ናይታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ፖሊስ ወሲኹ፡ ምኽንያት ምግጫው ናይተን 38 ሰባት ጽዒነን ዝነበራ ባቡራት ንጹር ከም ዘይኮነ ኣረጋጊጹ።






| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 24/4/26 | ጎደና 173-18 ቁ.21 ክባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤት ንባብ | 127582 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services